# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.61 | ሰንበት 10 ሕዳር 2019 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ንረኸብ ዶ ንኸውን?



ገጽ 3
ሱዳን - ንክብሪ ደቂ-ኣንስትዮ ሓወልቲ ክስራሕ. . .



ገጽ 4
ጨቓዕም ጠን ዳዕሮን ኢቶም ባህላውያን ማስቲካ



ገጽ 7
ንኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ . . .



ገጽ 8
ምስ ተጋዳሊት ኣስመረት ኣብርሃ (ጓንዴ)



## ዒድ መውሊድ ኣልነቢ ኣልሸሪፍ ብልዑል ማዕርግ ተባዒሉ

ዒድ መውሊድ ኣልነቢ ኣልሸሪፍ ናይ 1441 ዓመተ-ሂጅሪያ፡ ሎሚ 9 ሕዳር ኣብ መላእ ሃገር ብልዑል ማዕርግ ተባዒሉ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ካብ ሰዓት 7 ንግሆ ኣብ ሜዳ ጃምዕ ኣልኹለፋእ ኣራሽዲን ኣብ ዝተኻየደ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሰኛታትን፡ መራሕቲ ሃይማኖት ክርስትና፡ ከምኡ'ውን ምእመናን ምስልምና ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት ኣከባብራ፡ ኣቦ-መንበር ጉባኤ ኣውቃፍ ከተማ ኣስመራ ኣቶ መሓመድ-ሰዒድ በሽር፡ ኣብ ታሪኽ መውሊድ ኣልነቢን ኣብ ዓለም ዘምጸኦ ፍቕርን ሕውነትን ዘተኩረ መደረ ኣስሚዖም።

ኣካያዲ ስራሕ ሙፍቲ ኤርትራን ዋና ጸሓፊ ላዕለዋይ ባይቶ ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ብወገኖም፡ ነቲ ዕለትን ዝሓቘፎ ረዚን መልእኽትን ብኣብነት ኣሰኒዮም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኂ-ኂ'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጸባሕ ናጽነት ጀሚሩ፡ ህጻናት ማሕሉየም ተሓልዩ ግቡእ ክንክብን ናብዮትን ንኽረኽቡ ዝተኻየደ ዘሎ ጻዕሪ፡ ብፈራሃ-ፈጣሪ ተኸብኪቦም ንኽዓብዩ፡ ኣብ መዳያት ትምህርትን ብመራኸቢ ብዙሃንን ዝዩዳ ክንክብን ክዋበረሎም ዘሎ ጽኑዕ እምነት ገሊጾም።

ሼኽ ሳልም ኣብ መወዳእታ፡ ብኢጋጣሚ ዒድ መውሊድ ኣልነቢ ኣልሸሪፍ፡ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራን ንሓይልታት ምክልኻሉን ዮሃ ኣሎዎ።

እቲ ስነ-ስርዓት ኣከባብራ፡ ተመሃሮ ኣብያተ-ቁርኣን ከተማ ኣስመራ ብዘቕረብዎ፡ ኑቲ ብሃል ዘዃሪቕ መዛሙር፡ ግጥምታትን ካልእ መሰናድኢታትን ተሰንዩ ነይሩ።







ሰ/ የውሃንስ መብራህቱ

## ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንተመሃሮ ባረንቱ ኣስተምህሮ ሂቡ

ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣፍልጦ ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ንምብራኽ፡ ካብ ቀዳመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ንዝርከቡ ተመሃሮ ከተማ ባረንቱ ኣስተምህሮ ሂቡ።

እቲ ካብ 22 ጥቅምቲ ጀሚሩ ክሳብ 5 ሕዳር - ንልዕሲ 12 ሽሕ ተመሃሮ ዝተዋህበ ኣስተምህሮታት፡ ዕላማኡ - ኣብ ሕጊ ዘሎ ንቕሓት መንእሰያት ብሓፈሻ ናይ ተመሃሮን ቁልዑን ድማ ብፍላይ ብምብራኽ፡ ኑበሶም ካብ በደላትን ገበናትን ሓራ ብምግባር፡ ኣብ ምክልኻሉ እጃሞም ክፃዝበርክቱ ንምግባር ምዃኑ፡ ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሜጀር ሃብተ ጉብሩ ገሊጹ።

ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክን ሸለልተኝነትን ዘኸትሎ ሳዕቤናት ከቢድ ምዃኑ ዘገንዘበ ሜጀር ሃብተ፡ ተመሃሮ ብሕግታት ትራፊክ ክምእዘዙን ንዝወሃቡ ኣስተምህሮታት ኣብ ግብሪ ከውዕሉን ኣተሓሳሰበ።

ብደረጃ ዞባ፡ ኣብ ዝሓለፈ ትሽዓተ ኣዋርሕ ጥራይ፡ ልዕሊ 2,660 ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ከምእተመዝገበ፡ ብሰንኩ ድማ ሂወት 12 ሰባት ከምዝሓለፈን ልዕሊ 1.3 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ንዋታዊ ክሳራ ከምዘስዓበን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ።


ጸሓፊ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ያሲን መሓመድ እውን፡ ብሰንኪ ሸለልተኝነትን ጥሕሰት ሕግን መዓልታዊ ሓደጋታት ይኸሰቱ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ንቕሓቶም ኣብሪኾም ኣብ ምቕላል ሓደጋታት ትራፊክ ክዋስኡ ኣዘኻኺሩ።





ሰ/ ኢብራሂም ዓሊ

## ተጋዳላይ መሓመድ-ኣድም ኣሕመድ (ሻግራይ) ተሰዊኡ



ጉዱም ተጋዳላይ መሓመድ-ኣድም ኣሕመድ (ሻግራይ)፡ ብዘጋጠሞ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ሕክምናዊ ክንክን ክዋበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትማሊ 9 ሕዳር ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1968 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1970 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ጉዱም ተጋዳላይ መሓመድ-ኣድም፡ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ኣብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ተዋጊኡ፡ ሰራዊት - ካብ ተራ ክሳብ መራሒ ክፍለ ሰራዊት፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ክሳብ 1994 ኣብ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ናብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት ድሕሪ ምቕያሩ ድማ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባታት ጋሽ-ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ጉዱም ተጋዳላይ መሓመድ-ኣድም ኣሕመድ፡ ኣቦ ሰለስተ ደቂ እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ሎሚ 10 ሕዳር ሰዓት 4:00 ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም'ዩ።

ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት፡ ብምስዋእቲ ጉዱም ተጋዳላይ መሓመድ-ኣድም ኣሕመድ (ሻግራይ) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መሳርሕቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምኒ።

# ዳየሪ




ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ጆርናል

## ንራኸብ ዶ ንኸውን?

ንደቀይ ዝኸውን መዘከር ክጽሕፍ ምስ ሓሰብኩ'የ ዳየሪ ምጽሓፍ ጀሚረ። እቲ ዝሓለፈ ህይወተይ ዘይጽሓፍኩዎ ሕጂ እንታይ ኢለ ክጽሕፍ ኢለ እሓስብ ነይረ። ንደቀይ ኢለ ዝሓዝኩዎ መዝገብ መዘገበይ ኰይና። ኣጋጣሚታት ባዕሎም ንድሕሪት ተመሊሰ ክጽሕፍ ይድርኹኒ ኣለዉ። ሕጂ ቲቪ እናረኣኹ ተጋደልቲ ገዛኦም ዝኣተውሉ ኣጋጣሚ ክረአ ጸኒሑ። ኣነ ኸኣ ካብ ኣገልግሎት ዝምለሰላ ዝነበርኩ መዓልቲ እዘክራ ኣለኹ።



ብመዓር ዘረባ ገይሩ ሓጹር ገይሩለይ እዩ። እንዳ ትርሓስ ክቋየቑ እንከለዉ፡ "ትዕግስቲ ጓለይ፡ ኣነን ስኽን ከምዚ ዓይነት ቈይቀ ኣይንገብርን ኢና፡" ይብለኒ ነይሩ። ተገምጢሉ በዚ ኣርእስቲ ስለ ዘየዛረብኩዎ የድንቐኒ ነይሩ። ነዛ ኣድናቖት ከፍርሳ ኣይድልን'የ ዝነበርኩ። ኣብ ገዛውቲና ምስ ኣወልኬር ደው ኢለ ክርእ፡ ኣይተዋሕጠለይን። ብፍላይ ተደጋጋሚ ክረኽበኒ ምስ ጀመረ እንታይ ከም ዝገብር ጨኒቑኒ። ካብ መገሻኡ መጺኡ ከም ዘሎ እንተ ፈሊጠ ካብ ገዛ ኣይወጽእን'የ። ...

***

*** 

"... ኣውቶቡስ ዓይኒ ቅርሺ

ሓዲግክኒ ኣይትግሺ ..." ወዲ ከረን ደርፊ ጀሚሩ። ከረን ሓሊፍናያ ኢና። ወዲ-ከረን ምውራድ ኣብዩና። ምሳና ኣስመራ በጺሑ ክምለስ'ዩ። ዝወርድ መሲሉና ንብዓት ቍጽርጽር ኣቢልና። ኣብ ገዛ ዝናፍቖምን ዝናፍቖዎን ስድራኡን ፈተዉቱን ኣለዉ። ኣብዛ ዓመት ዘይትመልእ ግዜ ፍሉያት ኣሕዋት ኢና ኴንና። ናይ ኣወልኬር ክቖጽለልኪ።

***

ኣወልኬር ጨካን'ዩ። ካብኡ ዝገደደት እታ ዘይትስበር በትሪ ኣባሓጎኡ፣ ኣባሓጎኡ ብዘይካ እታ ኣብ ሓዊ ተጸልያ ከውሒ ዝኾነት፡ ጸለሎ ዝሓለፉ ቀጣን በትሪ ዝገደፍሉ የብሎምን። ልቦናኦም፡ ትዕግስቶም ፍቕሮም ምስኦም ሒዘሞ ከይዶም፣ ንዕኡ ንሳ ኣውሪሶሞ። "እዚኣ ናይ ኣባሓጎይ እያ። ትርኢያዶ ኣለኺ?" ይብለኒ። ኣነ ኸኣ ገጸይ መስኪንኪን የብላ፣ ካልእ ኣማራጺ የብለይን። ኣወልኬር ከም ዝፈትወኒ ኵሉ ሰብ ከም ዝፈለጠ ኣልማዝ መሓዛይ ነጊራትኒ። ኣወልኬር ኖን ንኣዋልድ ንኣወዳት'ውን ሰይጣኖም ስለ ዝነበረ ሓደ ጽቡቕ ነገር'ዩ ኢለ ኣሚነ። ነዚ ነገር ፈሊጡ ዝቐርበኒ ወዲ የለን፣ እንተዘየሎ ምስ ኣወልኬር ነገር ምዕዳም'ዩ። ንዓይ ከኣ እቲ ግጥም ውሒድለይ። ሓንቲን መራርን ግጥም ምስ ኣወልኬር ጥራይ። ካብ ቤት ትምህርቲና ወጺእካ ነዊሕ ጽምዋ ዘሎዎ መገዲ'ሎ። ክንደይ ግዜ ድሕሪ ተመሃሮ ተሪፈ ብ"በትሪ ኣባሓጎይ" ተመሽሊጠ እየ። ኣብ ገዛውቲና ከምዛ ሰላም ዝበለኒ ኢዱ ሰዲዱ፡ ንብዓት ክሳብ ዝቛጽር ይቕርቅረኒ። ኣነ ቍሒመያ እኸይድ ነይረ። ሰላም ከይገበርና ኸኣ ኣገልግሎት ወሪዱ። ኣነ'ውን ኣብ ዝቐጸለት ዙር ደድሕሪኡ ሰዒበ። ንሱ ኣቐዲሙ ኣገልግሎቱ ወዲኡ እዩ። ተስፋ እገብር ሓዲኡ ኰይኑ ክኸዉን!። ኣብ ዓዲ ክጽንሓኒን ክሪኦን ኣይደልይን እየ። ሕጂ ከምቲ ቀደም ከይክጥቅጠኒ ኣይፈርህን። ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥረኒ የብለይን። ብቐደሙስ ማዕረ ክንዲኡ ዘፍርህ ኣይነበረንን። ሕጂስ ንሱ'ውን ለቢሙ ይኸውን። ኣብቲ ኣሃዱኡ ከማይ ብጾት ረኺቡ ይኸውን። እቲ ሕውነታዊ ፍቕሪ፡ ምትሕልላይ፡ ምክብባር፡ ኣክንዲ ብጻይካ ምሕላፍ ምሂረናለይ ክኾና ተስፋ እገብር ኣለኹ። እንተዘይኮነ ለቢሙ ይኸዉን። ኣነ ተቐይረ ከም ዝምለስ'ውን ፈሊጡ ኣሎ። መጀመርታ ምስ ካሕሳይ በርሀ "....ሰገን ክኽተለኪ. .... ሰገን እግሪ እግሪኺ..." እናበለ እግሪ እግሪይ ከይመጽእ ሳሕቲ የፍርሓኒ ነይሩ። ሳዋ ምስ ኣተና ኵሉ ነገር ኣብ ወርሒ ዘይመልእ ግዜ ተቐይሩ። ኣወልኬር ካብ ኣእምሮይ ጠቕሊሉ ጠፊኡ ጸኒሑ። ሕጂ ምምላስ ምስ ኰነ ናይ ገዛ ኵሉ ስለ ትዝክር፡ ኣወልኬር ተዘኪሩ። "በትሪ ኣባሓጎይ" ኣብ ዝባነይ ዘይድምሰስ በሰላ ኣሎዋ። ከይተፈለጠኒ ካብ ኣወልኬር ዝተማሃርኩዎ ብዙሕ ጭካነ ኣሎ። ቍሩብ እንተ ዝጸንሕ ዘደንግጸኒ ወዲ ኣይምረኸብኩን መሰለኒ።

ካብ መሰርዐይ ዝነኣስኩ ኣነ'የ። ዳርጋ ኣብ ሓይሊና'ውን። መጀመርታ መዓልቲ ክንትኩስ ምስ ከድና፡ ኣንፈጥፊጠ ብረት ምሓዝ ኣብየ። ቅድመይ ኣብ ሕቖኣን ኮፍ ኢሎም ከተኩሰወን ስለ ዝራኣኹ፡ ነብሰይ ክሕግዛ ደልየ ኣብዩኒ። "እሞ ጸላኢ እንተ መጺኡክን ደኣ እንታይ ክትገብራ ኢኽን?" ዝብል ዘረባ ምስ ሰማዕኩ ኣብቲ ታርጌት ምስሊ ኣምሓሩ ዘይኰነ፡ ምስሊ ኣወልኬር'የ ኣቐሚጠ። ከምታ ዘሳቐየኒ ከዘራርጦ ተራእዩኒ። ሓንቲ ክሳብ ዝትኩስ ወላእላእ ኢለ። ደሓር ግን ጥይት ዘይወሰኹኒ ኣማሪረ።

***

".... ማ'ዛይ ማ'ዛይ.....

.....ማይዶ ክማላኣልኪ በታ ኣጕዛይ...." ደርፊ ቀይሩ ወዲ-ከረን ኣስመራ ክንኣቱ 20 ኪሎ ሜተር ተሪፉ ኣላ።

***

ድሕሪ ሰሙን

ኣልማዝ መሓዛይ ካብ መገሻ ሎሚ ኣትያ። ገዛ እትው ክትብል ከም ዝተመለስኩ ሰሚዓ ሻቡ መጺኣ። ተሓቛቝፍና ነቢዕና። ምስ መሓዛይ ንእሸተይ ነገር ንሓደና እንተ ኣጋጢማ ብሓንሳእ ኢና ንነብዕ። ሓንሳእሲ ተኾራሪና እንተ ቐኒና፡ክንራኸብ እንከለና ብንብዓት ኢና ንዕረቕ። ናፊቖያ'የ። ብዓቢኡ ብድሕረይ ዝኾነ ዘበለ ዕላል ካብ ኣልሙዛ'የ ክጽበ ጸኒሐ። ስቴሽንና በይና ስለ ዝኾነት። ንኽንደይ ደቒቕ ተሓቛቝፍና ጸኒሕና ኣይተረዳኣንን። ገዛና ባዕሎም ፈልዮሙና። ዋላ ኮፍ ምስ በልና ጸጺሒና ትሕቝቕፍ ነብል። መጀመርታ ዕላል ኣብዩና። ደሓር ድሕረይ ዝተፈጸመ ዘገድስኒ ዝበለቶ ዜና ኣዕሊላትኒ። ኵሉ ተራ ዕላል (ንእሸተይ ከኣ ሕሜታ) እዩ ነይሩ። ሓንቲ ተገድስኒ ዝነበረት ዕላል ኣወልኬር'ያ።

"ኣንቲ ናይቲ ኣወልኬር ከኣባ ከዕልለኪ፡" ምስ በለትኒ ብስንባደን ህንጡይነትን እንታይ ዓይነት ምንቅስቓስ ገይረ ኣይተረዳኣንን። ንመሓዛይ ግን ኣገሪሙዋን ኣስሒቑዋን። "ኣወልኬር እቲ ዋዒኡ ከምኣ ኢሉ'ሎ። ግና ወርዚዩ። ጸርፊ ተሪፉ፡ ምውቕ ሰላምታ ዘጽግበካ ኰይኑ። ኣእዳዉ ንማህረምቲ ጥራይ ወሰ ዝብላ ዝነበራ ንሰላምታ ኰይነን። እተን ጸለለል ዝብልኦ ግን ኵለን ኣየወጽኣሉን ኣለዋ፡" ኢላ ኣዕሊላትኒ። ምሳይ ክራኸብ እንክሎ'ኸ ከመይ ክኸውን'ዩ ከሕሰበኒ ጀሚሩ። ዋላ ተሓቢኣ ክርእዮ ደልየ፣ ካብ ኣራግጻኡ እንታይ ክገብር ምዃኑ ጽቡቕ ገይረ እፈልጦ'የ ዝነበርኩ። ዓርኪ ኣወልኬር ዝኾነ ጕረቤትና፡ መጺኡ የዕልለኒ እዩ። ብዝዕባ ኣወልኬር ኣየዕልለንን እዩ። ኣነ'ውን ምሕታቱ ኣጽሊኡኒ።

***

ክሳዕ ሎሚ ኣይተራኸብናን። ሓደ መዓልቲ ክንራኸብ እዩ ኣለኹ። እዘን ደቀይ ምስ ጕበዛ ከንብብኦ እየን። ምእማኑ ከጸግመን ምዃኑ ፍሉጥ'ዩ። ጕራዙ ሎሚን ንሕና ዝነበርናሉን ድሮ ዓቢ ለውጢ ገይሩ'ሎ። ኣወልኬር ግን ድሓን! ሓደ መዓልቲ ክረኽቦ'የ። እንታይ ምበለ ይኸውን? "ኣይዘከርኩኽን፡" እንተ በለኒኸ? ኣይረድ! ንበሰላይ ብሓዊ ምትኳስ'ዩ፣ ዝገደደ ቃንዛ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

## ኣብ ምብጋሰይ

16 ለካቲት 2011

ኣብ ገዛ ኣብ ዓራተይ ተኹርምየ ኣለኹ። ሰዓት 9፡00 ካብ ቈጸራይ ተሰናቢተ ገዛይ መጽየ። ገዛ ክኣቱ እንከለኹ ሕማቕ መንፈስ ተሓንጊሩኒ ምህላዉ ኣስተብሂሎም ገዛና ክዛረቡኒ ኣይመረጹን። ከመይ ኢሎምከ ክዛረቡኒ፣ ዓይነይ ሓቢጡ፡ ዓዝዒዙን በርበረን መሲሉ እናረኣዩ። ተመስገን! እንቋዕ ሕቶታት ኣየልዓሉለይ። እንታይ ኢለ ክምልሰሎም። ዝገጠመኒ ከዕልሎም ዝኽእል ኣይመስለንን። ካባኺ ዝሕባእ፡ ንዓኺ ዘይዕለል ስለ ዘይብለይ ግን ፒሮይ ኣልዒለ ዝስመዓኒ ከካፍለኪ። ንብዓተይ ግን እናንጠብጠበ ይኣብየኒ ኣሎ። ፈትየ ኣይኮንኩን፣ ሕማቕ ኣለኹ። ኣቲ ዳየሪየይ እንታይ ተገበርኩ'ዩ ክሕሸኒ። እዋይ ኣነ ዝሕሸኒ ባዕለይ ከይፈርዶስ ምስ ካልኦት ተጠሚሩ ድዩ ክኸይድ። ኣንቲ ከመይ ኢለየ ኣትየየ። ዝኾንኩዎ ከይነገርኩ ኣዋጢረኪዶ? ኣንቲ ንዓኽስ ከዕልለኪ እየ፣ ሓደራኺ ጭንቀተይ ኣዝልቕለይ።

ምስ "ፍትወይ" ንሎሚ ክንራኸብ ተቛጺርና ስለ ዝነበርና፡ ኣብ ሰዓትና ተራኺብና። ክንፈላለ ምዃንና ስለ ዝፈለጥና'ዩ መሰለኒ፡ መዓልታዊ ክንራኸብ'ዉን ኣይንጸልእን ዘለና። ሎሚ ከኣ ከምተን ሎሚ-ቕነ ዝሓለፋ መዓልታት፡ ብምዉቕ ዕላል ፍቕሪ፡ ወኻዕኻዕ እናበልና ክንስሕቕን ክንጻወትን ኣምሲና። ዕላልናን ስሓቕናን ምቍር፣ ካልእ ግዜ ዘይረኽቦ እናመሰለኒ፡ እናስተማቐርኩዎ የዕልል ነበርኩ። ዕላልና ዝሓዘት ልቼታ፡ መምቍሩ ብላዕሊ ገይራ፣ መወዳእታኡ ዕረ ኣጽኒሓትለይ። ኣብ ሞንጐ ከነልዕሎን ክንዉዕሎን ዘይቅበሎ ሕቶ ተላዒሉ። ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ኣንፈት ርእየሉ ዘይፈልጥ ፍቕርና ኣብ ሎሚ እንታይ የሕሲብዎ ኣይፈለጥኩን። ኣነ ኣብ ሓሳበይ ፈጺሙ ኣይነበረን። ዳየሪየይ ኣነ ኣይተሰማማዕኩሉን፡ ንሱ ግን ደስ ኣይበሎን። ኣነ ዝገለጽክሉ ምኽንያታት ብሕማቕ፡ ብካልእ ማኣዝን ተርጕምዎ። ብልበይ ከም ዘየፍቅሮን ዘይኣምኖን ጌይሩ ተረዲእዎ፣ ከምኡ ከኣ ኢሉኒ። ፍቕረይን እምነተይን በዛ ዘይትጠቅም ሕቶ ተመዚኑ ማለት ድዩ?

ዳየሪየይ! ብሓቂ ናይ ልበይ ኣፍቅሮ'የ። ልበይ ብዘይካኡ ዝመልኣላን ዘሐጕሳን የብላን። ብዝተፈላለየ መገዲ ከኣ ፍቕረይ ገሊጸሉ'የ። ሕጂ በዛ ዘይትጠቅም ነገር ግን ከምዘይንራኸብ፣ ፍቕርና ንሓዋሩ ካብታ ደቒቕ ከም ዘብቅዐ ሓቢሩኒ። ሕሰብዮ'ሞ! መዋእልካ ኵዒትካ ተፈርሶ ዘይመስለኒ ዝነበረ ፍቕርና ብሓንቲ ደቒቕ ሃዶሽዶሽ ክብል! ዘይከዉን እዩ። ከመይ ኢለ ከም ዝኣምኖ ጠፊእኒ ኣሎ።

ሕጂ ገዛና መጽዮም ክዛርቡኒ ፈቲኖም። ቀልጢፈ ተገንጪረሎም፣ ዝረኸብዎ። ብብኽያት ተነኽኒኸ፡ እንታይ ከም ዝብል ጠፊእኒ ኣሎ። ጽባሕ ኣይንረኣኣን ኢና ማለት ድዩ? ድሕሪ ወርሒ- ክልተ ወርሒ ንሳዋ ክነቕል እየ። ንልዕሊ ዓመት ኣይንራኸብን ኢና ማለት'ኳ'ዩ። ነዛ ሓንቲ መዓልቲ'ኳ ንጋዶስ ዓመት!?

በጃኺ ዳየሪየይ ንስኺ ኣፍ ኣዉጺእኪ ዝገብሮ ኣማኽርኒ። እቲ መማኸረተይ ዝብሎ ጠሊምኒ እዩ። እምበርዶ የፍቅረኒ ነይሩ'ዩ። በዛ ናይ ሎሚ ዘይትጠቅም ነገርን እምነትናን ፍቕርናን ክምዘን ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ከመይ ኢሉ ንዓይ ወንጂሉኒ ከይዱ። ነዚኣ ዘይሰገረ፡ በዚኣ ዘይተጸመመኒ ደኣ ጽንዓቱ ኣበይ ርእየየ። ፍትወት እንተ ዝነብሮኸ በዛ ሓንቲ ደቒቕ ፍቕሪ ዝኣክል ክበትኽ ከመይ ኢሉ ኽኽእሎ?

እንድዕሉ! ዘይምሕሳቡ ይሕሸኒ። እዚ ከጋጥመኒ ጽባሕ ካልእ ዝበለጸ ዘሐጕስ ቀራብለይ ይህሉ። መን ይፈልጥ። ሕጂ ዘሕምም የብለይን።

ጽንዓት በራኺ (ራኢ)

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ሳምራዊት መለስ   ሰማያዊት ሓይለኣብ
ትንሱእ ፍስሃየ   ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ካብ ዝዝን ብትን

ሳልማን ስራጅ

## ሱዳን - ንክብሪ ደቂ-ኣንስትዮ ሓወልቲ ክሰራሕ. . .



ደቂ-ኣንስትዮ ሱዳን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ እታ ሃገር ዝለወን መሪሕ ተራ ንምስናድ፡ ሓወልቲ ንምስራሕ ምድላዋት ይግበር ኣሎ።

እቲ ኣብ ርእሲከተማ ካርቱም ዝስራሕ ሓወልቲ፡ "ካንዳካ" ዝብል መጸውዒ ስም ዝተዋህቦ ኮይኑ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሱዳን ኣብ እዋን ንግስነት ኑባ ማለት ካብ 2ይ ክፍለ-ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክሳብ 1ይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ-ክርስቶስ ንዘበረን ታሪኻዊ ኣበርክቶ ዘዘኻኽር ኢዩ።

ኣብቲ ብስልጣኑ ኩሽ ዝፍለጥ ዘመን፡ ከም ኣሽንግዶናኺቶ፡ ኣማኒ ሬናስ፡ ኣማኒ ሻኸቶ ከምኡ'ውን ኣማኒ ቶሪ ዝተባህላ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኑቲ ንኣስታት 200 ዓመት ዝቐጸለ ንግስነት ኑባ ይመርሓአ ምንባረን ይግለጽ።

ኩለን እዘን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብፍላይ ሰራዊት ናይ ምምራሕ ልዑል ብቕዓት ከምዝነበረን ድማ ኣብ ታሪኽ ተጠቒሱ ይርከብ። እቲ "ካንዳካ" ዝብል ስም ኣብ ገለ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝ ናይ ሕጂ ሱዳን ንምስማይ የገልግል ምንባሩ እዩ ዝንገር።

ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝጀመረ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ስመን እናዓበየ ካብ ዝመጸ ደቂ-ኣንስትዮ ሓንቲ "ኣላእ ሳላሕ" ኢያ። ንሳ ጻዕዳ ልወዳትን ባህላዊ ሽልማት ደቂ-ኣንስትዮ ሱዳንን ወድያ፡ "ዓባየይ ካንዳካ" እናበለት'ያ ነቲ ህዝባዊ ናዕቢ ትመርሖ ኒይራ።

ካብዚ ብምብጋስ'ያ እምበኣር ሁዳ ዐሶማን ዝተባህለት መሃንድስ፡ ምስ ካልኦት ሰዑጣበውያን ብምትሕብባር ንቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ሱዳን ዝምገስ ሓወልቲ ኣብ ማእከል ካርቱም ክስራሕ ተበግሶ ዝወሰደት።

መሃንድስ ሁዳ ንመርከብ ስካይ ኒውስ ዓረብያ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ነቲ ሓወልቲ ንምስራሕ ዘድሊ ወጥን ተዳልዩ ምህላዉን ብዮጉዳሳት ከምዝምወልን ገሊጻ።

ኮሚሽን ቅርሰታትን ቤተ-መዘክርን ሱዳን ምስ ሰብሞያ ዜጋታት ቼክ ብምትሕብባር ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ንግስነትን ስልጣንን ኑባ (ኩሽ) ክሳብ ጫፍ ምዕራብ ኣፍሪቃ ይዝርጋሕ ምንባሩ ይጠቅስ።

## ስፐይን - ጾታዊ ዓመጽ ተቓውሞ የለዓዕል



ኣብ ስፐይን ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ትሕቲ ዕድመኣል-ኣንስተይቲ ጾታዊ ዓመጽ ዝፈጸሙ መንእሰያት፡ ግቡእ መቕጻዕቲ ብዘይምርካቦም ኣብ መላእ እታ ሃገር ተቓውሞ ኣለዓዒሉ። ቤት-ፍርዲ ከተማ ባርሴሎና እቶም ብገበን ዝተኸሱ 5 መንእሰያት፡ ምስታ ጓል 14 ዓመት ተማሃሪት ጾታዊ ርክብ ከምዝፈጸሙ እኳ እንተኣመኑ፡ ከም ዘዋገደዱዋ እዩ ውሳኔ ሂቡ።

ኑቲ ብቤት-ፍርዲ ዝተዋህበ ብይን ዝቃወሙ ኣማኢት ሰባት፡ ኣብ ርእሰ ከተማ ማድሪድ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ፍትሒ ብምኻድ ተቓውሞኦም ኣሰሚዖም። እቶም ተቓወምቲ፡ እታ ተማሃሪት ትሕቲ ዕድመ ስለዝኾነት፡ ሳዕቤናት ኩተመዝዘን ከምዝይትኽእል ኢዮም ዝገልጹ።

ብምኽንያት ቤት ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ዳግም ብምርኣይ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዓመጽቲ ተረር ስጉምቲ ክወስድ ጸዊዖም።

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ስፐይን ካርመን ካልፎ ብወገና፡ መንግስቲ ንዓመጽ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ሕጊ ንምቕያር መደብ እኳ እንተሃለዎ፡ እቲ ጉዳይ ምስቲ ዝቐደደ ባይቶኣዊ ምርጫ ኪይገራፎ ግን ስክፍታኣ ገሊጻ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ 2016 ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ተማሃሪት ጾታዊ ዓመጽ ዝፈጸሙ መንእሰያት፡ ካብ 10 ክሳብ 12 ዓመት ክእሰሩን 12 ሽሕ ዩሮ ክቕጽዑን ተወሲኑ ኒይሩ።

## ምስ ምህማም ጽርግያ ሃንደበት ዝተሰወረ ሜክሲካዊ

ኣብ ሜክሲኮ ከተማ ሄርሞሲሎ፡ ሓደ ኣብ ማእከል ጽርግያ ዝጉዓዝ ዝነበረ ሰብ፡ ሃንደበት ጽርግያ ስለዝሃመሞ፡ ደሃዩ ከምዝተሳእነ መራኸቢ ብዙሃን እታ ሃገር ሓቢረን።

ኑቲ ሃንደበት ዝተሰወረ ሰብኣይ ንምርካብ፡ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ጌና ኣብ ምድላይ ተዋፊሮም ኣለው። ግዳ በቲ ኣብ ትሕቲ-መሬት ዝተፈጥረ ማይ ተወሲዱ ክኸውን ከምዝኽእል ይግመት።

እዚ ሕንቅልቅሊተይ ንምፍታሕ፡ ካብ ኣመራራ ከተማ ፎኒክስ ዝመጹ ክኢላታት ምስ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ሜክሲኮ ብሓባር ይሰርሑ ኣለው። እቶም ኣመራርውያን ክኢላታት ንሜክሲኮ ዝመጹ - ኣብ መንጎ ከተማታት ክልቲአን ሃገራት ብዘሎ ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዕ ኢዩ። ድሮ ድማ ኑቲ ናይ ምድላይ ስራሕ ብሓባር የካይዱዎ ከምዝለዉ መርከብ ኤ ቢ ሲ ሓቢሩ።

ይኹን እምበር፡ እቲ ዝተፈጥረ ማይ ብዙሕ መስመራት ስለዘለዎ፡ ኑቲ ናይ ምድላይ መስርሕ ኣጸጋሚ ገይሩዎ ከምዝሎ ኑቲ መደብ ዝመርሑ ዘለዉ ክኢላታት ገሊጾም። እቲ ሰብኣይ ዛጊት ኩነታቱ ስለዘይተፈልጠ፡ ንብዙሓት'ዩ ኣሻቒሉ። ንቐጻሊ እውን ክርከብ ደዩ ኣይክርከብን. . .?

## እንቋቕሖ ብምብላዕ ዝተገብረ ውድድር ብሞት ይዛዘም



ኣብ ህንዲ ግዝኣት ኡታር ብራደሽ፡ 'ዝጠዝሐ ብስል እንቋቑሖ መን በልዐ' ንምፍላይ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዝተገብረ ምውርራድ (እስኮሚሳ) ብሞት ተዛዚሙ።

እቶም ክልተ ሰባኣት፡ ኣብ ሓደ እዋን 50 ብስል እንቋቑሖ ዝበልዐ 2000 ሩብ. (28 ዶላር) ክዕወት ብምርድዳእ ኢዮም ኣብ ውድድር ኣትዮም።

እንተኾነ፡ እቲ ምውርራድ ናብ ካልእ ኣይ ኣምሪሑ። ሓደ ካብቶም ተወዳደርቲ መበል 42 እንቋቑሖ ምስ በልዐ ሃለዋቱ ብምጥፋእ ናብ ሆስፒታል ከም እተወሰደን ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት ከምዝዐረፈን ፖሊስ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ 40ታት ዝርከብ ሰብኣይ ክመውት ዝኸኣለ፡ ዝያዳ መጠኑ ብምብልዑ ምኻኑ ኢዮም ሓኪይም ዝገልጹ። ስድራ ቤቱ ግን ርኢይቶ ካብ ምሃብ ተቖጠቢም ኣለው።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ኣብ ኣመራካ ግዝኣት ካሊፎርንያ ሓደ መግቢ ናይ ምብላዕ ውድድር ዝካየድ ዝነበረ ሰብ፡ ተሰርጊቑ ኣብ ሆስፒታል ዓሪፉ እዩ።

ሓንቲ ካልእ መንእሰይ እውን ኣብ ኣፉ ኣብ ሓደ እዋን ክንደይ ፓስተ ከተእቱ ከምእትኽእል ንምፍላጥ ብዘካየደቶ ፈተነ ሃለዋታ ኣጥፊኣ።

## ዚምባቡወ - ህጻን ንመሓዛኣ ካብ ኣፍ ሓርገጽ ኣድሒና

ኣብ ዚምባብወ፡ ሓንቲ ጓል 11 ዓመት ህጻን፡ ንመሓዛኣ ካብ ኣፍ ሓርገጽ ብምድሓና ንጅግንነት ዝዋፅኡ ኣቀባብላ ተገይሩላ።

እታ "ረቤካ ሞንክምቦይ" ዝተባህለት ህጻን፡ ጓል 9 ዓመት መሓዝኣ ብሓርገጽ ምስ ተጎሰሰት፡ ኣብ ዝኾኑ ድሕሪ ምዝላል ዓይኑ ብምንቋር ኢያ ከተድሕና ክኢላ።

ብመሰረት ሓበሬታ መራኸቢ ብዙሃን ዚምባብወ፡ እተን መሓዙት ኣብ ከባቢ ገዝአን ኣብ ዘሎ ማይ ሓምቢሰን እናተመልሳ ኢየን በቲ ሓርገጽ ተጠቒዐን። ረቤካ ምስተን መሓዙታ እናኸደት ድማ፡ ሃንደበት ናይ ርድኣኒ ድምጺ ትሰምዕ።

ኣብቲ እዋን ኩለን እተን ኣዋልድ ክሃድማ እንከለዋ፡ ረቤካ ግን ነቲ ሓርገጽ ብድፍረት'ያ ገጢማቶ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ መሓዝኣ ከተድሕን በቒዓ።

እቲ ልዕሊ ኹሉ ዘገርም ግን፡ ረቤካ ምስቲ ሓርገጽ ተጠማጢማ ከተብቅዕ ብዘይ ዝኾነ ማህሰይቲ ምትራፋ ኢዩ። ወላዲ እታ ንስክላ ዘይፈሓት ህጻን ንረቤካ ዘለዎ ኣድናቖት ብምግላጽ ምስጋኑ ኣቕሪቡላ።

እታ ንሓደጋ ዝተቓለዐት ህጻን ድማ፡ ዛጊት ኣብ ሆስፒታል ተዳቒባ ምህላዋ ተፈሊጡ።

## ህጻናት ኣብ ኢንተርነት ዘሕልፉዎ ግዜ ኣሻቓሊ ይኸውን



ኮመንሰንስ ሚድያ ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ውድብ፡ ብመንገዲ ኢንተርነት ቪድዮ ናይ ዝከታተሉ ብዙሓ ህጻናትን ኮተቴን እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ ገሊጹ።

እቲ ብህጻናት ዝግደስ ዘይመንግስታዊ ውድብ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዩቲዩብ መጽናዕቲ፡ ብዙሓ ናይቶም ኣብ ዩቲዩብ ቪድዮታት ዝከታተሉ ህጻናት ካብ 2015 ኣትሒዙ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ከምዝወሰኸ ኣፍሊጡ።

በዚ መሰረት፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ራብዓይ ደረጃ ሒዙ ዝነበረ ብኢንተርነት ዝግበር ምክትታል ቪድዮ፡ ኣብዚ እዋን ቀዳማይ ደረጃ ሒዙ ይርከብ።

እቲ ብዩቲዩብ ዝዝርጋሕ ቪድዮታት፡ ብዙሕ ቁም ነገር ዘይብሉ'ኳ እንተኾነ፡ ምስ ዕድመ ሰዓብቱ ብዘይሰማማዕ ኣገባብ ሱሓቢ ብምኻኑ ግን ብዙሓት ተኸታተልቲ ኢዩ ዘለዎ። እቶም ንዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ይኹኑ እቶም ትሕቲ 13 ዓመት ዝኾኑ ኮተቴ፡ ምስ ዕድመኦም ዘይከይድ ጎድአ ዝጠዝሐ ፊልምታት ይርእዩ።

እተን ኣብዚ ቪድዮታት ዘፍርያ ኩባንያታት ድማ፡ ነቲ ዝዘርገሓኦ ቪድዮ መፅሪቲ ክንበሪሉ ከምዝዋዕእ እቲ ዘይመንግስታዊ ውድብ ጸዊዑ።

እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ልዕሊ ማሕበራዊ ዕብየት ናይቶም ዝከታተሉዎ መንእሰያት፡ ምስ ካልኦት ዘለዎም ዝምድናን ናብ ገዛእ ርእሶም ዘለዎም ኣጠማምታን ሓደገኛ ሳዕቤን ክህልዎ ኢዩ።

ብተወሳኺ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ቪድዮታት ጥፍኣትን ናይ ጽልኢ ኣተሓሳስባን ብምምዕባል፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዕንወት ከምዘኸትል ዘይመንግስታዊ ውድብ "ኮመን ሰንስ ሚድያ" ይጠቅስ። እሞኸ ደኣ ተራ ወለዲ ኣብዚ መዳይ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?

### መን እንታይ ኢሉ?

. ሓደ ሃገር ክሳብ ዝግበር ዘይከኣል ይመስል። (ኔልሰን ማንዴላ)

. ብሬተነ ዘይተሓለፈ ሂወት ዋጋ የብላን። (ሶቅራጥስ)

. ዕወት ሰብ ዘይካ ክብሪ ዘለዎ ሰብ ክትከውን ፈትን። (ኣልበርት ኣንሽታይን)

. ድኽም ሰብ ፈጺሙ ይቕረ ኣይብልን ኢዩ። ይቕረታ መለለዪ ሓያላት ሰባት ኢዩ። (ማህተማ ጋንዲ)

. ቁጽልኻ ናብ ልቦና ቀይሮ። (ኦፕራ ዊንፍሪይ)

. እትኽእሎ ሃገር ብዘይብን ኣብ ዘለኻዮን ኮይንካ ግበር። (ቴዎዶር ሩዝቨልት)

. ሰላም ብፍሽኽታ እዩ ዝጅምር። (ማዘር ተረዛ)

### ጥቕስታት ሎሚ

. ዘይትካእ ንምኻን ኩሉ ግዜ ፍሉይ ኩን።

. ንኹሉ ኣፍቅር፡ ንውሑዳት እመን፡ ንማንም ከኣ ኣይትበድል።

. ሂወት ዕምባባ ኢያ። ፍቕሪ ድማ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ መዓር ኢዩ።

. ንእትነብሮ ሂወት ኣፍቅሮ፡ ንእተፍቅሮ ሂወት ድማ ንበሮ።

. መጺኢ ኑቶም ኣብ ጽባቐ ሕልሞም ዝኣምኑ ኢዩ ዝብጽሖም።

. ቀልጢፍካ ምድቃስን ኣንጊህካ ምትንሳእን ንሰብ ጥዑይ፣ በዓል ጺጋን በዓል ልቦናን ይገብሮ።

# ካብ ብሂላት ሞት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ኣብ ዓለም ንወዲ-ሰብ ሓያሎ ሽግራት ዘጋጥምዎ እንተ ኾነ'ኳ፡ ካብ ሞት ዝመርር ግን ዛጊት ኣይተረኸበን። ምኽንያቱ፡ ንነፍሱ ወከፍ ተርእዮ፡ መደበስታ ወይ መተካእታ ክርከቦ ተኽእሎታት ኣሎ። እዚ ማለት፡ ብውሳነ ግዜ-ርእሱና ክንመልሶ ኾነ ክንማሓየሾ ዘይከኣል ኣይኮነን። እንተ ሞት ግን መዳርግቲ ወይ መተካእታ ዘይብሉ ኩነት ተፈጥሮ እዩ፡ ከም ኣቡኡ፡ ዝገሸ እንክምለሰ፡ ዝተኸዕወ እንክሕፈሰ፡ ዝወደቐ እንክተንስእ. . . ንርኢ ኢና - እንተ ዝሞተ ግና...።

ሞት፡ ኣብ'ቶም ተረፍቲ ብቓላት ወይ ብመዕቀኒ ክግለጽ ኩነ ክልካዕ ዘይከኣል መሪር ሓዘን ዘስዕብ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ጉዕዞ ደቂ-ሰባት ዘጸቍርጽን ዘይተርፍን መስርሕ'ዩ። ቀደም ዘመን ኣቦዎት፡ ብሰሪ ሞት ንዝወርደም መሪር ሓዘን ብዘተፈላለየ መንገዲ ይገልጽዎ ነይሮም እዮም። ዳርጋ ክንዲ ሞት ዘሕዝንን ዝመርርን ኩነት ስለ ዘየለ፡ እንተ እቲ ዝተቐየረ እንተ ተቐየረ ዘይምሕር ሞት ግና፡ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ነይሩ፡ ይነብር'ውን ኣሎ።

ቀደም ዘመን፡ ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ ቀሩብ ህልዊ ዝበለ ሰብኣይ ነበረ ይብሃል። ኣቦ'ቲ ዝነበረሉ ከብቲ፡ ሰቦት ብዘበዝሐ ክሞቱ ምስ ረኣየ ከኣ ያኢ ካብ ሞት ንኽሃድም ካብ'ቲ ዝቕመጦ ዓዲ ናብ ሞት ዘይብሉ ዓዲ ክስደድ ኣብ ዝሓሰበሉ እዋን፡ እታ ኣብ ዝኸደኖ ቦታ ዘይትምሕር ሞት፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ከም ዘላ ብሰላማት ደቂ ዓዲ ተማሂሩ። ከምኡ ምስ በሉዎ ኸኣ ወዮ ብዘጥዕም ቃና፡ ከም'ዚ ክብል ምስ እናማረረ ተመላለሰ።

ኣቲ ሞት ዋይ ሞት
ጽኑዕ ዘይብልኪ እንትርፎ ሓራት
ክኸይልኪ እምበኣር ዓደ'ምሓራ
'ክርክበልካ እንደየ ዓለም ተራ!'
ክኸይልኪ እምበኣር ንወልቃይት
'ክርክበልካ እንደየ ዓለም ፈላለይት!'
ክኸይልኪ እምበኣር ንዲጋመ
'ክርክበልካ እንደየ ኣነ ዓለም ኣነ
ኀበዘ'ኳ ዘይዓጀበኒ ጋመ!'
ክኸይልኪ እምበኣር ምሸት ረቡዕ
'ቐሺ ኣይዓጀበንን በዓል ቀብዕ!'
ክኸይልኪ እምበኣር ምሸት ቀዳም
'ክብሉልካ እየ ቤተ-ሰቡካ ዳምዳም!'
ክኸይልኪ እምበኣር ምሸት ሰንበት
'ሰጋ ሱብ ለሚደ ከም በዓል ኣውደኣመት!'
ክኸይልኪ እምበኣር ንኣከለጉዛይ
'ትኽ ኢልካ'ባ መጃኻ ንጉዛይ
ክጸንሓካ እንደየ ኣንጸፈ ኣጉዛይ!'
ዓለም ዝበሉኺ ከመይ ነገር
'ዚይዝረብ ኩይኑ ዘይናገር
ምሉቕ ኢለ ዝወሰድ ከም ፈገር
'ዚሣላይ ወዲ ኣዳም ሽዑ ይጉብር ዕግርግር
መዓስ እሞ ፈሊጡ እንታይ ከም ዝደግም
ባዕሉ ጸዊዑ የብለኒ ኣብ ኣፍ ደግኡ ድጉል!'

ክብል፡ ብምረት ድሕሪ ምስትንታን ምስ ሰበካ ዝዘኸካ ምቕባል ይሓይሽ ኢሉ፡ ካብ ሞት ፈሪሑ ዓዱ ካብ ምልቃቕ ከምዝተናገፈ ይዝረብ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ'ሽ ሞት ንሒፋትና ድያ ኢልኩም ትሓትቱ ትኾኑ ኢኹም። እቲ መልሲ ግና ኣብ ነፍሲ-ወከፍና ኣሎ። የግዳስ እቲ ዋና ቁምነገሩ፡ ሞት ዘይተርፍ ጉዕዞ እንኳብ ኩኑ ኣብ መገድና ሰንቂ ዝኾኑና ጽቡቕን ኣብርን ተግባር ካብ ምምላእ ድሕር ኣይንበል!!!

# ጨቓምጠን ዳዕሮን እቶም ባህላውያን ማስቲካ



ቅድሚ ምትእትታው ዘመናዊ ማስቲካ፡ ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ሃገርና፡ ኣግራብ ጨቓምጠን ዳዕሮን እቶም ቀንዲ ምንጪ ባህላዊ ማስቲካ ኮይኖም ንዘዊሕ እዋን ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ክኾኑ እንክለዉ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እውን፡ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ከባቢታት ሃገርና፡ ካብ'ዞም ኣግራብ እዚኦም ዝተሰርሐ ማስቲካ፡ ከም መዘናግዒን መሕለፊ ግዜን ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ባህላዊ ልምዲ'ዩ። እዚ ባህላዊ ማስቲካ እናተባህለ ዝጽዋዕ ማስቲካ ግና "ብኸመይ'ዩ ዝስራሕ? መን ይሰርሖ? ኣብ ምስርሑ ዘገልግሉ ጥረ-ነገራትን መቐረቱን እንታይን ከመይን'ዩ" ኢልና ንሓሰብ ንኸውን። በሉ ሓዙ! - እቶም ተገልገልቱ ክሰርሕዎ ከለዉ ከም'ዚ ዝስዕብ ኣገባብ እዮም ዝኽተሉ።

እዚ ባህላዊ ማስቲካ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ'ዩ ብጓሶት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝጀመረ። ጓሶት መጀመርታ ሓደ ካብ'ዞም ኣግራብ እዚኣቶም ምስ ዝረኽቡ፡ ብእምኒ ወይ ብፋስ ገደሮም ኣብ ጉንዲ እዚ ገረብ ይትንክፉ እሞ፡ ጸዕዳ ጸባ ዝመስል ፈሳሲ ካብ'ቲ ገረብ ይወጽእ። ዚ ፈሳሲ ኣብ ሓደ ጸፊሕ ቆጽሊ ብምዕቋር ከዋህልሉዎ ይጅምሩ። ዝኣኸሉዎ ምስ ኣከቡ፡ ብቐለሉ ጹሓይ ክረኽቦ ኣብ ዝኽእል ቃልዕ ቦታ ኣቐሚጦም፡ ንኣስታት ሓሙሽተ ደቓይቕ ይጸንሑ።

እቲ ፈሳሲ ብጸሓይ ምስ ሃፊፉ፡ ናብ ደረቕ፡ ጸዕዳ ዝሕብሩ መጠግጠግ ዝበለ ባእታ ይቕየር። ድሕሪ እዚ፡ ንጻብዩ ዓቢዩ ኣጹበዕቶም ኣብ ልዕሊ እቲ ጸፊሕ ቆጽሊ ኣትረሮም ብምጽቃጥ፡ ቀስ ብቐስ ንኸሉ'ቲ ኣብ'ቲ ዘዕቘሩሉ ቖጽሊ ዝርከብ መጠግጠግ ዝበል ባእታ ኣብ ኢዶም ከም ዝእከብ ይገብሩዎ። እዚ መስርሕ ምስ ተወደአ ዝተርፍ ስራሕ እንተ ሃልዩ፡ ጠቕለሎም ናብ ኣፎም ምእታው ጥራይ እዩ። እንተ ብዝዕባ እቲ መቐረቱ ግና፡ ኢአ እዝበሄር የርእኹም ማይ ማይ'ዩ ዝጥዕም። እቲ ምንታይ'ሲ፡ ዝኾነ ተወሳኺ ሽኮራዊ ባእታ ስለ ዘይኣትዎ ክኸውን ይኽእል። ካብ'ዞም ኣግራብ፡ ክንደየናይ ከም ናይ ዘመናዊ ማስቲካ መቐረት ከይርከቦ!

እቲ ዘገርም፡ እዚ ማስቲካ እዚ ምስ ሓደ ጓሳ ንኣስታት ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ መዓልታት ክጸንሕ ዝኽእል ምዃኑ'ዩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ መኣዲ፡ እዚም ዝ ማስቲካ ዝጥቀሙ ጓሶት፡ በሊዖም ክሳብ ዝጽግቡ ካብ ኣፎም ኣውጺኦም ገለ ኣብ ዓንዲ፡ ወይ ኣብ ማዕጾ፡ ገለ'ውን ኣብ ግንባሮም ክጥቅዕዎ ይረኣዩ። ብፍላይ ኣብ ማዕጾ ወይ ዓንዲ ጉሑም ምስ ጠቕዕዎ፡ ረሲዖሞ ምስ ዝኸዱ'ሞ ኣብኡ እንተ ሓደረ ወይ ቀጸ፡ ጓሶት ተመሊሶም እንክጥቀሙሉ ጉድኣት ስለ ዘየስዕበሎም፡ ንዊሕ መዓልታት እንተ ጸንሐ ንጥዕናኦም ዘሰግእ ኣይኮነን።

በዞም ኣግራብ ዝስራሕ ማስቲካ እምበኣር፡ ምስ'ዚ ሎሚ ብዘመናዊ መልክዕ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ጀሚሩ ዘሎ ማስቲካ ብዙሕ ከመሳስሎ ዝኽእል ጠባያት ኣይሰኣናን። ገለ ካብ'ቲ ዘመሳስሎ ኸኣ፡ ሓንሳብ ኣብ ክዳን ምስ ዝለግብ፡ ካብ'ታ ክዳን እትብሊ ክለቐቕ ኣይክእልን። ከም ዘመናዊ ማስቲካ ምስ ተሳሕበ ክምጠጥ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ብዘወሳኺ ከኣ፡ ከም'ቲ ካብ ዘመናዊ ማስቲካ እንረኽቦ ጥቕሚ፡ ማለት መስርሕ ምሕቃቕ ዘቀላጥፍ ምዃኑ ተመሳሳልነቱ ይዓቢ።

ብጨቓምጠን ዳዕሮን ዝስራሕ ማስቲካ፡ ዋላ'ኳ ምስ ምምጻእ ዘመናዊነት በዚ ኩሉትና እንፈልጦ ዘመናዊ ማስቲካ እንተ ተተክአ፡ ኀኖ ዝጥቀሙሉ ግን ኣለዉ። ዝርጋሐኡ ኣብ ህላወ ናይ'ዞም ኣግራብ ዝምርኮስ ስለ ዝኾነ ግና፡ ኣብ ኣዝዩ ውሱን ከባቢታት ጥራይ ተሓጺሩ ንረኽቦ።

እዚ ልምዲ፡ ገና ኣሰሩ ዘይጠፍአ ኣካል ባህላዊ ልምድታት ሕብረተ-ሰብ ሃገርና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ንመጻኢ ክሰርር ደዩ ወይስ ጨሪሱ ክጠፍእ ግን ግዜን ዘመናዊነትን ዝምልሶ ሕቶ እዩ ክኸውን። ዝም ኣግራብ'ውን ምስ ልምዳዊ ማስቲካ ኣተኣሳሰርና ደኣ ኣልዒልናዮም እምበር፡ ብፍላይ ዳዕሮ፡ ክንጾ ባህላዊ ማስቲካ፡ ብዙሕ ጥቕምታት ከም ዘይሰኣና ይንገረሉ'ዩ። ገለ ካብኡ፡ እቲ ብቐረባ እንዕዘቦ ከም ባይቶ ዓዲ ኮይኑ ካብ ምግልጋል ኣይበኾረን።

## ንፍሸኽታ

ኣብ ሓደ ዓዲ ሰብኣይን ሰበይቲን ምስ ሓንቲ ጓሎም ይቕመጡ ነበሩ። ኣብ መንነኦም ዝነበረ ፍቕርን ሰላምን ከኣ ዓዲ ምሉእ ዘዘረበ'ዩ ነይሩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ዕዳጋ ናይ ጎደቦኦም ስለ ዝበረ፡ ወዮ ሰብኣይ ሓንቲ ደስ ተብል ሰዓት ገዚኡ። ሰበይቲ'ውን ብወገና ካትም ናይ ኣጻብዕቲ ሸመተት። ዝተረፈት እንተ ነይራ፡ እታ ጓሎም'ያ። ንሳ'ውን ኣይተሓመቐትን። እንተስ ብኢጋጣሚ፡ እንተስ ብፍላጥ፡ በታ መዓልቲ ተቐኒና ወዓለት። ኮታስ በበወገኖም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም ወዓሉ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ፍጻመታት መሬት ስለ ዝዓረበ ንድራር ክተኣኻኸቡ ጀመሩ።

ዝገዝኦ ንብረት ንሰድራኡ ክርኢ ዝተሃንጠየ ሰብኣይ፡ ኣእዳዉ ንጾማ ጺጋም እናወዛወዘ "ማይ እስከ ሃብና'ቲ - ማይ ሃብና. . ." በላ ንኽረኣየሉ። ኩነታቱ ብቐጸበት ዝተረዳኣቶ በዓልቲ-ቤቱ'ውን፡ ነታ ዝገዝኣታ ካትም ንኽተርኢ፡ በታ ካትም ኣሰራ ዝበረት ኣጻብዕታ እናመልከተት "ማይ ሃበዮ - ማይ'ስኪ ሃበዮ. . ." ክትብል ናብ ጓላ ዝቐንዐ መልእኽቲ ኣመሓላለፈት።

ዚ ኩሉ ብኣግርሞት ክትዕዘብ ዝጸንሐት ጓሎም'ውን ሰናፍ ኣይነበረትን። ኢጋውላኣም ቀብ ስለዘበለቶ፡ ንሳ'ውን ግደኣ ከም ዝጸሐ ተረዲኣዋ፡ ነቲ ቀጉን ጸጉሪ ርእሳ ንኽተርኢ፡ ርእሳ ንጾማ ጺጋም እናኣወዛወዘት 'ታኒካ ኣበይ ኣሎ? - ታኒካ ኣበሎ. . ." እናበለት ንጸው ነጀው ክትብል ተራእየት ይበሃል።

## ኣገረምቲ ሓቅታት

. ህጻናት ብዘይመላግቦ አዕጽምቲ እዮም ዝውለዱ፤ ክሳብ ደቂ 6 ዓመት ዝበጽሑ ድማ፡ ዝኾነ መላግቦ አዕጽምቲ የብሎምን።

. ርእሰኻ ምስ መንደቕ ምንጓዕ፡ 150፡ ማለት ናይ ሓደ ሰዓት ሃልኪ ካሎሪ የጥፍእ።

. ካናቴራ መከላኸሊ ጥይት፡ ካብ ሓደጋ ሓዊ ንኽትወጽእ ዝሕግዝ መሳልል፡ ኣብ ግዜ ዝናብ ማይ ዝጽርግ ኣብ ቅድሚት ቤትሮ ዝርከብ መሳርሒ (windshield)፡ ከምኡ'ውን ብጸርጊ ሌዘር ዝሓትም ማሽን፡ ብደቂ-ኣንስትዮ እዩ ተማሂዙ።

. ኣሰር መልሓስ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ፍልይ ዝበለ ምዃኑ።

. እቲ ንመጀመርታ እዋን ብጹሓፈት ማኪና ኖቨል ዝጸሓፈ ጸሓፋይ፡ ቶም ሰውየር ከም ዝበሃል።

. ኣዒንቲ ወዲ ሰብ ዲጂታላዊ ካሜራ እንተዝሆኑዎ ነይሩ፡ 570 ሜጋ ፒክሰል ክህልዎ ምኽኣለ።



# ሰንበት




# ቈልዑ



መም. ዮናስ ሃብተ

## ዝተቐብረ ወርቂ


ቀደም ዘመን ኣብ ሓደ ዓዲ፡ ሓደ ስራሕ ዘይፈትዉ ክልተ ህኩያት ዉሉድ ዝነበርዎ ህርኩት ሓረስታይ ነበረ። ንሱ ኣዝዩ ሃብታምን እኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ሃብቱ ንድኻታት ስለ ዝሕግዘሉ ግን፡ ኣብ ኢዱ ብዙሕ ሃብቲ ኣይነበሮን። ዓብዩ እዋን ሞቱ ምስ ኣኸለ፡ “እዞም ስራሕ ዘይፈትዉ ደቀይ ደኣ ብድሕረይ እንታይ ክኾኑ እዮም?” ኢሉ ኣብ ሻቕሎት ኣተወ። ሽዑ ንደቁ “ዝናዝዘልኩም ነገር ኣለኒ’ሞ፡ ንዑ ናብዚ ጥቓይ ቅረቡ፡” ኢሉ ኣብ ጥቕኡ ኮፍ ከም ዝብሉ ገበሮም።

“ኣቐድም ኣቢለ እየ ክነግረኩም ዝግባኣኒ ነይሩ። ኣለኹ እናበልኩ ግዜ ስለ ዘርከበኒ ግን፡ ሕጂ ክነግረኩም ግድን ኮይኑኒ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ እቲ ልክዕ ቦትኡ እኳ ረሲዐዮ ክዝክሮ ኣይከኣልኩን እምበር፡ ኣብዚ ግራትና ቀደም ንዓኹም ክኾነኩም ኢለ ኰዒተ ዝሓባእክዎ ወርቂ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ወርቂ ኣብቲ ግራውትና ድለይዎ። ምስ ረኸብኩሞ ድማ፡ ብሓባር ተጠቐሙሉ፡” በሎም።

ሽዑ ንሳቶም፡ ድሕሪ ኑዛዜ ኣቡኦም፡ ናብቲ ግራት ከይዶም፡ ብኣብዑር ገይሮም ነቲ ወርቂ ንኽረኽቡ ነቲ ኩሉ ግራውቶም ክሓርስዎ ጀመሩ። ነቲ ዝተባህለ ወርቂ ግን፡ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን። ምድካምና ዘይተረፈና ኢሎም፡ ነቲ ዝሓረስዎ ቦታታት ስርናይ፡ ስገም፡ ዳጉሻን ካልእ ዝኣመሰለ ኣእካልን ዘሪኦምሉ ስለ ዝነበሩ ግን፡ ድሕሪ ሒደት መዓልታት፡ እቲ ዝዘርእዎ ኩሉ ብጽቡቕ ቦቚለ። ጽቡቕ ድማ ፈረየ። ቀውዒ ምስ ኮነ ድማ፡ ካብቲ ናይ ካልኦት ሓረስቶት ደቂ ዓዶም ዝበዝሐ ሸሻይ ሓፈሱ።

ኣቦኦም፡ “ኣብቲ ግራት፡ ወርቂ ሓቢአ ኣለኹ፡” ዝበሎም፡ ናይ ብሓቂ ወርቂ ስለ ዘቐበረ ዘይኮነስ፡ ነቲ ወርቂ ክረኽቡ ክብሉ ነቲ ግራት ምስ ሓረስዎ፡ ብእኡ ኣቢሉ እቲ ብሩኽ መሬት ካብ ወርቂ ንላዕሊ ዝምረጽ ምህርቲ ክህቦም ምዃኑ ስለ ዝፈለጠ እዩ። ልክዕ ከምቲ ንሱ ዝሓሰቦ ድማ፡ ነቲ ግራት ሓሪሶም ብዙሕ ምህርቲ ሓፈሱ።

ካብኡ ንንየው ድማ፡ እቲ መሬት ንባዕሉ ካብ ወርቂ ዝበልጽ ዘይነጽፍ ሃብቲ ምዃኑ ተረዲኦም። ነቲ ግራት እውን ብቐጻሊ ክሓርስዎን ክዘርእዎን ጀመሩ። ዘይነጽፍ ምህርቲ ምሕፋሶም’ውን ቀጸሉ። ብድሕር’ዚ ሃብታማት ሰብ ጸጋ ተቐየሩ። ንነብሶም ኮይኖምስ ከምቲ ናይ ኣቡኦም ንሕብረተሰቦም ክሕግዙ ኣብ ዝኽእሉሉ ደረጃ እውን በጽሑ።



**ሞራል**= ወለድና ይኹኑ ካልኦት ዓበይቲ ሰባት ክመኽሩና እንከለዉ፡ ዘይነጽፍ ወርቅን ንብረትን ይህቡና ከም ዘለዉ ሓሲብና፡ ነቲ ምኽሮም ብዝግባእ ንከታተሎን ንጠቐመሉን።



## ምኽሪ ሰንበት

ተበግሶ ምውሳድ

መምህር ዳዊት፡ “ገሊኣቶም መምህራን፡ ሕሉፍ ሓሊፍዎ ንእንስሳታት እናመሃሩ፡ ኣነ ንሰብ ምምሃር ክጨንቀኒ!?” ኢሎም፡ ኩሉ ኣመሃህረኦም ሰሓቢ ጌሮም፡ ብምዕቡል ኣገባብ ተማሃሮ ክምህሩ ተበግሶ ወሲዶም።

እቶም ተማሃሮ ድማ፡ “ሎሚ ትምህርቲ ከምዛ እትርእይዋ፡ ይትረፍ’ዶ ሰብስ፡ እንስሳ እውን’ዩ ጀሚርዋ።’ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ብዙሓት እንስሳታት ተማሂረን፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሐን ኣለዋ።” ኢሎም፡ ትምህርቶም ብዝግባእ ክከታተሉ ጀሚሮም። ኣይደንጎዩን ድማ፡ ኩላቶም ተዓዊቶም። ስለዝስ ተበግሶ ንውሰድ ክንከውን ከምኣቶም።



## ንኣፍልጦ

ፍትዋት ቈልዑ! ኤርትራ ሃገርና፡ ክሳብ’ቲ ኣብ 24 ግንቦት 1991 ናጻ ዝወጸትሉ ዕለት፡ ብብዙሓት ባዕዳውያን፡ ንነውሕ ዝበለ ዘመናት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢያ ነይራ። ንመዘኻኸሪ ወይ ንኣፍልጦ ምእንቲ ክኾነኩም እዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ተመልከቱ።

***

1/ መግዛእቲ ጣልያን= 1889- 1941

2/ መግዛእቲ ምምሕዳር እንግሊዝ= 1941- 1952

3/ መግዛእቲ ኪዳናዊ ሕብረት (ፈደረሽን)= 1952- 1962

4/ መግዛእቲ ሃይለስላሴ= 1962- 1974

5/ መግዛእቲ ስርዓት ደርግ= 1974= 1991

***

## ሕንቲሕቲኽ



### ኣራንሺ ምስ ተቐበልካ

ሓንቲ ቈልዓ ምስ ኣዲኣ ብሓደ ጀርዲን ትሓልፍ ነበረት እሞ፡ እቲ ዋና ጀርዲን፡ “ንዒ ጽብቕቲ ቈልዓ፡” ኢሉ ክልተ ገዝፍቲ ኣራንሺ ይህባ። ቈልዓ ኣራንሻ ሒዛ እናኳይየየት ናብ ኣዲኣ ትኸይድ። ኣዲኣ፡ “ኣራንሺ ተቐቢልክስ ትም ኢልኪ ትመጺ፡ ኣራንሺ ንዝሃበካ ሰብ እንታይ ድዩ ዝበሃል!? ስለዚ ኪዲ ነዚ ኣራንሺ ዝሃበኪ ሰብኣይ እቲ ክበሃል ዝግበኦ በልዮ።” በለታ። ሽዑ እታ ቈልዓ ብጉያ ናብቲ ሰብኣይ ተመሊሳ፡ “እንካ ቅረፈለይ።” በለቶ።

***

### ካልኩሌተር

ቈልዓ፡ “ባባየይ! ናይ ጁባ ካልኩሌተር እባ ግዝኣለይ!”

ኣቦ፡ “ሓምሻይ ክፍሊ በጺሕኻስ ክንደይ ጁባ ከም ዘለካ ንምፍላጥ ትሸገር ኣለኻ ማለት ድዩ?”

***

### ብእግርኻ ምኻድ

ኣደ ንሓደ ጋሽ፡ “እዚ እትርእዮ ዘለኺ ወዲ ዓመትን ሸዱሽተ ወርሕን ወደይ፡ ገና ወዲ ሸዱሽተ ወርሒ ከሎ ብእግርኻ ምኻድ ምስ ጀመረ ኢዩ።”

ጋሻ፡ “ንሓደ ዓመት ዝኣክል ከይቋረጸ ብእግሩ ከይዱ ኣሎ ማለት ድዩ፡ እሞ ሕጂ ደኣ ደኺሙ ይኸውን እምበር።”

***

## ትርጉም ንባብ

### Ask your Mother

We see theme come,
We see them go,
Some are fast,
And some are slow,
Some are high,
And some are low,
Not one of them
is like another,
Don't ask us why,
Go ask your mother.

### ሕተቱ ነዴኹም

ገሊኦም ይኸዱ፡
ገሊኦም ይመጹ፡
ገሊኦም ብቐስታ፡
ገሊኦም እናሃጸጹ፡
ገሊኦም ብላዕሊ፡
ገሊኦም ብታሕቲ፡
ዘራኽብ ዘይብሎም
ወላ ሓንቲ።
ከመይ’ ዶ ኢልኩም፡
ንሕና’ታይ ፈሊጥና ሕተቱ ነዴኹም።

**ሞራል**= እታ ናይ መጀመርታ ቤት- ትምህርትና- ቤትና ኢያ። እታ ናይ መጀመርታ መምህርና ድማ ኣዴና። ስለዚ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ነገር ሕቶ እንተ ኣለና፡ ሕቶና ክትምልሰልና እትኽእል ወይ ሓሳብና ክትርዳኣልና እትኽእል ኣዴና ኢያ እሞ ምስ ኣዴና ኢሂን ምሂን ንበሃሃል።

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ምኽሪ ሰንበት

1042

124256

## ሓዳር ብዘይመርዓ



ኣማኻሪ፥ ሄሎው ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል ካበይከ ትድውሊ ኣለኺ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣነ ለተኪዳን እብሃል፥ ካብ ዓሰብ እየ ዝድውለልካ ዘለኹ።

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ለተኺዳን፥ እንታይ ክእዘዘኪ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣነ ጓል 42 ዓመት ኣደ 5 ቆልዑ እየ። ቅድሚ 16 ዓመታት ኣቢሉ ይኸውን ምስ ሓደ መማህርተይ ዝነበረ ወዲ፡ ጽቡቕ ምቅርራብ ጀሚርና። በዚ ከኣ ፍቕሪ መስሪትና ኣብ ውላድን ሓዳርን ድማ በጺሕና። እነሆ ሕጂ 5 ቆልዑ ወሊድና። ኣብ ውሽጢ'ዚ 16 ዓመታት ብዙሕ ድኣ ኣይኹን'ምበር ገለገለ ዘይምርድዳእ ነይሩና እዩ። ከም ኩሉ ሰብ ሓዳር ድማ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ብዘይዝኾነ ምዝርራብ ንሓድሕድ ናብ ንቡር ናብራና ድማ ንምለስ። ሕጂ ግን በዓልገዛይ ካባይ ርሒቑ ኣመት ሓዳሩን ደቁን ከይገበረ ሓያለ ግዜ ሓሊፉ ይርከብ። ሕጂ ክሓተካ ደልየ ዘለኹ ነጥቢ ከኣ በዓል ቤተይ ናብ ንቡር ክመልሰሉ ዝኽእለሉ ገለ ምኽሪ እንተመኽርካኒ ኢለ እየ።

ኣማኻሪ፥ በዓል ቤትኪ ወይ መናብርትኺ ነዚ ናይ ሕጂ ስጉምቲ ክወስድ ዘኽኣሎ ረጃሒ እንታይ ይመስለኪ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩልካ ብፍቕሪ ኣብ ሓዳር ስለዝበጻሕና ኣካይዳና ግሉጽ እዩ ነይሩ። ብፍላይ ብናተይ ወገን ንበዓል ሓዳረይ ኩሉ እንትናይ ገሊጸ ብኽፉት ልቢ እየ ዝዘራረቦ ነይረ። ገለገለ ዘይምስምማዕ ግን ነይሩና እዩ። ነቲ ዘጋጥመና ዝነበረ ዘይምስምማዕ ከኣ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ብዘይዝኾነ ዓራቕን ምርድዳእን ገዲፍና ናብ ንቡር ተመሊስና ናብራና ንመርሕ። ካብዚ ዝሓልፍ ከቢድ ጠንቂ ምፍልላይ ግን ኣይነበረናን። ምናልባሽ መንዩኒ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣይትሓዘለይ'ምበር ደቂ ተባዕትዮ በዓልቲ ቤትኩም ኣብ ቆልዑ ምውላድ ምስ በጽሐት ናይ ምምናው ባህሪ ተርእዩ ኢኹም'ዩ ዝብሃል።

ኣማኻሪ፥ ብዛዕባቲ ምምናው ትብልዮ ዘለኺ፡ ቤላቤለው ክኸውን ዝኽእል ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ መን'ዩ ዝያዳ ዝመኑ፡ ሰበይቲ'ዶ ሰብኣይ፡ ስለምንታይ'ከ ምምናው ዝመጽእ ንዝብሉ ነጥብታት ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕቲ ዘድልዮ ስለዝኾነ፡ ሕጂ ንግዚኡ ወንዚፍናዮ ክንሓልፍ ይሓይሽ። ግን ኣብቲ በዓል ገዛኺ ካብ ገዛ ሓዳርኩም ዝወጽኣሉ ግዜ'ኸ ተኳሪኹም ዲኹም ኔርኩም ወይስ ምጽእ ኢሉ እዩ ተፈልዩ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ግደ ሓቂ ክዛረብ፡ ኣብቲ በዓል ቤተይ ካብ ገዛ ዝወጽኣሉ ግዜ፡ ብዘይጠቅም ኣንችመንቺ ተበሃሂልና ዝርርብ ኣቋሪጽና፡ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ኢሂንምሂን ከይተበሃሃልናን መመደቀሲና ፈሊናን ንኣስታት 1 ወርሒ ዝኸውን ጸኒሕና ኔርና። ኣነ ብወገነይ ከም ቀደምና ድሓን ክንገድፎ ኢና ኢለ ብዙሕ ኣይተሸገርኩሉን። ሓደ ለይቲ ንገዝኡ ከይመጸ ምስ ሓለፈ ግን ደዊለሉ። ንሱ ግን "እንታይ ደሊኺ፥ ዝደለኽዮ እንተሃልዩ ክሰምዓኪ። እንተዘይኮይኑ ክዓጽወኪ እየ፡" ምስ በለኒ፡ "ኣነ ድኣ ድሃይካ ክፈልጥ እየ ደዊለልካ፡"ኢለዮ። ንሱ ግን፡ "ድሃየይ እትፈልጥ ኣላትኒ። ንስኺ እንታየይ ኮይንኪ ኢኪ ድሃየይ ትገብሪ" ኢሉ ተሌፎን ኣብ እዝነይ ዓጽዩዋ። ኣነ ግን ኣብ እንኳረየሉ ግዜ ዝዛረቦ ስለዘይፈቱ፡ ሓሪቑ እዩ ዝኸውን ኢለ ሕማቕ ንምሕሳብ ኣይተሃወኽኩን። ንሱ ግን ብኣኣ ኣቢሉ ክሳብ ሕጂ ገዝኡ ኣይተመልሰን።

ኣማኻሪ፥ ክሳብ ሕጂ ብልክዕ ክንደይ ግዜ ካብ ገዛኹም ተፈልዩ ኣሎ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ሕጂ ድኣ ልዕሊ ወርሒ ሓሊፉ ኣሎ። ምስቲ ኣብ ገዛ ከይተዘራረብና ዝሓለፈ ወርሒ ክልተ ወርሒ ኣይተዘራረብናን ማለት እዩ።

ኣማኻሪ፥ ለተኺዳን፡ ግርጭት ከጋጥም ንቡር እዩ። ከም ሰባት ክልተ ኣንጻር ጾታ ካብ ምኻንኩም ዝነቐለ ዝተፈላለየ ኣረኣእያ፡ ባህርን ስምዒትን ኣለኩም። ነዚ ፍልልይ'ዚ ተረዲእኩም ሓዳር ምጽውዋርን ዓቕልን ዝሓትት፡ ባህሪ መጻምድትኻ እትምሃረሉ ቤት ትምህርቲ ምኳኑ ኣሚንካ እንተዘይሰጊርካዮ እቲ ጸገም ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። ዘይምርድዳእ የጋጥመኩም ከም ዝነበረ'ውን ገሊጽክለይ ኣለኺ። ኣብዚ ከነስተውዕለሉ ዘሎና ነገር ግጭት ምግጣሙ ዘይኮነስ፡ ዘይምርድዳእኩም ኣብ ክንዲ ሓዲጋቶ ወይ ሓዲግዎ እዩ'ሞ ኣነውን እሓድጎ ብማለት ጥራሕ ትሓልፍዎ ምጽናሕኩም እዩ፡ ነቲ ኣብ ግርጭት ዘብጽሓኩም ረጃሒ ወይ ነቲ ፍልልይ ብምንጻር ክትፈትሕዎ እዩ ዝግብኣኩም ነይሩ። እዚ ከይፈታሕኩም ብውሑዱ ከይተዘራረብኩም ይሓልፍ እንተነይሩ ግን ይውህለል'ሞ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ክዕረ ዘይክእለሉ ደረጃ ይበጽሕ። ከምዚ ሕጂ ኣጋጢሙ ዘሎ ካብ ገዛ ምውጻእ የስዕብ። ስለዚ በዓል ገዛኺ በታ ኣብ ሓደ እዋን ዘጋጠመትኩም ዘይምርድዳእ ጥራሕ ዝወጸ ኣይመስለንን። ብፍላይ ከምቲ ገለገለ ጸሓፍቲ ኣብ ጉዳይ መርዓ ዝገልጽዎ፡ ወዲ ተባዕታይ ብጓል ኣንስተይቲ ወሪዱኒ ዝብሎም በደላት ናይ ዘይምርሳዕ ባህሪ ከም ዘለዎ እዩ። በዚ መንጽር'ዚ እንተርኢናዮ ድማ በዓል ገዛኺ ድምር እኩብ ናይዚ ብብግዜኡ ዘጋጥመኩም ዝነበረ ዘይምርድዳእ እዩ ኮይኑ ዝስምዓኒ። ሕጂ ናብ ንቡር ኣይምለስን እዩ ክብሃል ዝክኣል ኣይኮነን። ናይ ምምላስ ተኽእሎ ኣለዎ። ንስኺ እትፈልጥዮም ኣዕሩኹ ወይ ቀረብትኹም እንተሃልዮም ብመንገዶም ዘሎ ፍልልይኩም ፈቲሕኩም ወይ ኣጽቢብኩም ናብ ምርድዳእ እትመጽኡ ኣገባብ ዕርቂ ክፍጠር ይክኣል እዩ። ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝሓለፍክኒ ናይ ዘይምርድዳእ ግዜ ዝፈተንክዮ ፈተነ ዕርቂ እንታይ ኣሎ?

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣንታ ሎሚ'ሞ ዘባእስ'ምበር ዝዓርቕ ኣሎ'ዶ ትብሎ ኢኻ? እምበር ንገለገለ ቀረብትና ረኺበ ናብ ንቡር ሓዳሩን ደቁን ክምለስ ክምዕድዎ መልእኽቲ ሰዲደሉ እየ። ብወገኑ ዝመጸኒ መልሲ ግን ክምለስ ድሌት ከም ዘይብሉ እዩ። ርጉጽ ኣይኮነን'ምበር፡ "ቃልኪዳን ስለዘይብልና ትእውደኒ ቀለብ ቆልዑ ጥራሕ እዩ" ከምዝብል ከኣ ጽንጽንታ ይበጽሓኒ ኣሎ። ሕጂ ካብ ካልእ ሰበይቲ ቀልዓ ወሊዱ ምስታ ዝወለደላ ይነብር ከም ዘሎ'ኳ ኣረጋጊጸ እየ። እዚ ከኣ እቲ ናይ 16 ዓመታት ሓዳርናን ፍቕርናን ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ኣሎ ማለት እዩ። ንዓይ ከኣ ጭንቀት ፈጢሩ ድቃስ ለይቲ ከሊኡኒ ይርከብ።

ኣማኻሪ፥ ለተኺዳን፡ ናብ ምጅማር ሓዳርኩም ክመልሰኪ፥ ምስዚ ሕጂ በዓል ገዛይ ትብልዮ ዘለኺ ሰብ ሕጋዊ ዝኾነ መርዓ ማለት ቃልኪዳን ነይርኩምዶ?

ደላዩ ምኽሪ፥ ኣብ ቤተክርስትያን ኬድና ወይ ዳስ ጌርና ዝገበርናዮ መርዓ'ኳ የለን። ክልቴና ኣብ ጥልቕ ዝበለ ፍቕሪ ስለዝነበርና ሰብ ኣኪብካ ዝግበር ድግስ፡ ኣብ ፍቕሪ ዝምልኣ ተራ ዝነበረ ኮይኑ ኣይተሰምዓናን። ብኣጋጣሚ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምስ ተራኺብና ሻሂ ክንሰትን ብሓደ ናይ ምዝንጋዕ ግዜ ከነሕልፍን ምስ ጀመርና፡ ልብታት ክልቴና ተወሃሂደን ብዘይዝኾነ ምትሕትታት ኣብ ስጋዊ ርክብ በጺሕና፡ ኣብታ ኣነ ተኻርየ ዝቕመጠላ ዝነበርኩ ገዛ ተጠራኒፍና ክንነብር ጀሚርና። ንስድራና ድማ ኣነ ጥንሲ ድሕሪ ምሓዘይ ኢና ነጊርናዮም። ኣብ ግዜ ጥምቀት ቦኽሪ ውላድና ድማ፡ ካብ ክልቲኡ ወገን ቤተሰብና ጸዊዕና ጽቡቕ ጥምቀት ኣሕሊፍና። ካብዚ ዝሓልፍ ኣገባብ ግን ኣይነበረናን። እዚ 16 ዓመታት ድማ ብኸምዚ ክንቅጽል ጸኒሕና። ኩሉ ኩነታትና ግን ከም ሰብ ቃልኪዳን ኢና። ግን ንምንታይ ኢኻ ሓቲትካኒ?

ኣማኻሪ፥ ብቐንዱ ብዛዕባ ኩነታትኩም ንምፍላጥ እየ። ኣገባብ ኣጠራንፋኹም ከኣ ነዚ ሕጂ ኣጋጢምኩም ዘሎ ኩነታት ብቐጥታ ዝጸሉ ኮይኑ ስለዝረኸብክዎ እዩ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ናይ ቅድም ዛንታና ድኣ ነዚ ናይ ሕጂ ኩነታትና ብኸመይ ይጸልዎ?

ኣማኻሪ፥ ለተኺዳን፡ ዝኾነ ፍጻመ ብዘይዝኾነ መንቀሊ ብሃንደበት ዝነጥብ ዳርጋ የለን ክብሃል ዝክኣል እዩ። እንተንጽቡቕ እንትንሕማቕ መበገሲ የድልዮ እዩ። ናብ ጉዳይኩም ምስ እንመጽእ ድማ፡ ሕጋዊ ቃልኪዳን ከም ዘይብልኩም ክትገልጽዮ ጸኒሕኪ ኢኺ። ሓደ ካብቶም ሰለስተ ዓይነታት መርዓ ማለት፡ ባህላዊ፡ ሃይማኖታውን ሲቪላውን መርዓታት ከም ዘይገበርኩም እዩ። እዚ ከኣ "ብዘምቢለይ ብዘምቢልኪ ወይ ድማ ብፈተኹኺ ፈተኹኻ" ሓዳር ከም ዝገበርኩም እዩ ዘረድእ። እዚ ዓይነት ምጥርናፍ ድማ ኣብ ተጻመድቲ ሓላፍነት ናይ ዘይምስካም ጽልዋ ዘምጽእ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ሕጋዊ ውሕስነት ድማ ኣይህብን እዩ። ንኣብነት በዓል ገዛኺ "ብዘይካ ቀለብ ቆልዑ እትእውደኒ የብላን" ከም ዝበለ ዝገልጽ ጽንጽንታ ሰሚዕኪ ኣለኺ። እዚ ድሕረባይታኹም ዘስዓቦ ኣበሃህላ እዩ። ኣብ መንጎኹም ብዘይካ'ቶም ካብ ኣብራኽ ክልቴኹም ዝተወልዱ ቆልዑ ካልእ ንክልቴኹም ዝጠምረኩም ቀያዲ ነገር የለን። ምናልባሽ ንነዊሕ ዓመታት ከም ሰብኣይን ሰበይትን ኮይንኩም ኣብ ሓደ ገዛ እናነበርኩም ቆልዑ ክትወልዱን ከተዕብዩን ስለዝጸናሕኩም ሕጋዊ ሓዳር ዝነበረኩም ክመስል ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ብዓይኒ ሕጊ እዚ ዋጋ የብሉን። ውሕስነት'ውን ኣይህብን እዩ። መርዓ ብሓደ ካብዞም ባህላዊ፡ ሃይማኖታውን ሲቪላውን ዓይነታት መርዓ ዝበልናዮም ኣገባባት እንተዘይተገይሩ፡ ኣብ ሓደ ገዛ ስለዝነበርካ፡ ቆልዑ ስለዝወለድካ፡ ሓዳር ስለዝመራሕካ ሕጋዊ መውሰቦ ኣሎካ ማለት ኣይኮነን። ባዕልኺ'ውን ከም ቃልኪዳን ዘለዎም'ምበር ቃልኪዳን ኣሎና ክትብሊ ኣይደፈርክን። ቃልኪዳን እንተዝህልወኩም ኣብ ርእሲ ሓዳሩ ወይ ቃልኪዳኑ ዘምዩ ብማለት ክትከስዮን ብገበን ክሕተትን ምተኻእለ ነይሩ። ድሕሪ'ዚ ድማ ቃልኪዳንኩምን ሓዳርኩምን እንተክቕጽል እንተክፈርስ ኣብ ናትኪ ድሌት ምወደቐ። ክቕጽል እንተደሊኺ ጌግኡ ኣሪሙ ናብ ንቡር ክትምለሱ ብዕርቂ መደቀስኩምዎ። ክፈርስ እንተደሊኺ ድማ ንሱ ኣብ ልዕሊ ሓዳሩ ብዝሙት ቀልዓ ወሊዱ ተባሂሉ ብኸቢድ ጠንቂ ፍትሕ ሓዳር ናይ ምፍራስ ሓላፍነት ምተሰከመ። ንስኺ ድማ ክሳብ ሰለስተ ርብዒ ካብ ናይ ብርኪ ንብረትኩም፡ ክብ ዝበለ መፋነውን ቀለብ ቆልዑን ረኺብኪ መሰልኪ ተሓልዩልኪ ምተፋነኺ። ሕጂ ግን ንዓኺ ምስ'ዚ በዓል ገዛይ እትብልዮ ዘሎኺ ኣቦ ደቅኺ ዝጠምረኪ ዝኾነ ቃልኪዳን የብልክን። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም መሰላትን ክብረትን ናይ ምርካብ ዘሎኪ ተኽእሎ ድማ ጸቢብ ኮይኑ ይስምዓኒ። ምናልባሽ ኣብዚ ሕጂ ኣብ ትግባረ ዘይወዓለ ገና ህዝቢ ንኽፈልጦ ተባሂሉ ብመራኽቢ ብዙሓን ጎስጓስ ዝግበረሉ ዘሎ ሲቪላዊ ሕጊ መንግስቲ ኤርትራ ብኸምዚ ናትኪ ኣገባብ ንልዕሊ 5 ዓመታት ሓዳር ዝገበረት ጓል ኣንስተይቲ ሓደ ርብዒ ካብ ናይ ሓዳር ሃብቲ ወሲዳ ክትፈላለ ከፊላዊ መሰል ሂብዋ ይርከብ። ዋላ'ዚ እንተርኢናዮ'ውን ካብዚ ሕጂ ዘሰርሓሉ ዘሎ ሲቪላዊ ሕጊ ይሓይሽ'ምበር ኣርባሕን ውሑስን ኣይኮነን። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ተግባር ስለዘይውዓለ ሕጂ ክንዛረበሉ እንኽእል ኣይኮነን። ብመሰረት'ቲ ዝበዝሓ ኣዴታት ሃገርና ኣብ ቆልዑ ምዕባይ ጥራሕ ተደሪተን ኣብ ስራሕ ተዋፊረን ዕለታዊ መግቢ ክኣርያ ዘይምጽንሐን ድማ እቲ ኣደራዕ ኣብአንን ደቀንን እዩ ዝወርድ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣይዋ ተረዲኣካ፥ በዚ እትነግረኒ ዘሎኻ መሰረት እቲ ን16 ዝደኸምኩሉን ዝጸዓርኩሉን ሓዳር ንዓይ ዋጋ ከምዘይብሉ እዩ። እዚ ከኣ ንዓይ ሃሳዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ዘይወጽእ ጣዕሳ እዩ። ሰኣን ናይ ሓንቲ መዓልቲ ጽምብል ወይ ቃልኪዳን ንመዋእለይ ክጠዓስ ክነብር ማለት እዩ። ስለዚ ንጉዳየይ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣነ ክረብሓሉ ዝኽእለሉ ኣገባብ እንታይ ትመኽረኒ?

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ለተኺዳን፥ ንዓይ ከም ዘርድኣኒ ምስ በዓል ገዛኺ ብዘተኻእለ መጠን እትዕረቕሉ መንገዲ ምንዳይ እዩ። ዋላ ከይበደልኪ ንኣብስኺ ከም በዳሊት ኣምሲልኪ ይቕሬታ ብምሕታት ናብ ንቡር ከም ዝምለስ ምግባር እዩ። ብድሕሪኡ በዓል ገዛኺ ናብ ንቡር ተመሊሱ ሓዳርኩም ብንቡር ከተካይዱ ኣብ ትጅምርሉ ግዜ ሓደ ካብቶም ሰለስተ ዓይነታት መርዓ ክትገብሩ ንበዓል ገዛኺ ምሕታት እዩ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። ግን ክኣብየኒ ኣይክእልን'ዶ?

ኣማኻሪ፥ ክኣቢ ኣይክእልን እዩ ክብሃል ዝክኣል ኣይኮነን። ግን ከምዚ ዓይነት ጥርጣረ እንተሃልዩኪ ብካልእ ሰብ ክግበር ዝክኣል ኮይኑ ይስምዓኒ። ንኣብነት ኣመንቲ ሃይማኖት ክርስትና እንተኮይንኩም ኣባትነብሲ እህልወኩም ይኸውን።

ደላዩት ምኽሪ፥ እወ ኣለዉና።

ኣማኻሪ፥ እሞ ኣባት ነብስኺ ነዚ ኩነታትኩም ከም ዝፈልጥዎን ንሳቶም ባዕሎም ዘለኹሞ ኩነታት ሓዳር ብዓይኒ እምነት ክርስትና ቅቡል ስለዘይኮነ ብሲቪላዊ መንገዲ ወይ ብባህላዊ መንገዲ ሓዳርኩም ወግዕን ሕግን ክተልብስዎ ከም ምኽሪ ኣምሲሎም ክዘራርብኹም ክትሓትዮም ትኽእሊ ኢኺ። በዚ ኣቢልኪ ድማ ናይ 16 ዓመታት ሓዳርኪ ውሕስነት ትገብርሉ። እንተወሓደ ካብቲ ወግዒ ዘልበስኩምሉ ግዜ ጀሚርኪ ከም ሓንቲ በዓልቲ ቃልኪዳን ተፈሊጥኪ ንድሕሪኡ ዝህሉ መሰል ትዓለዊ።

ደላዩት ምኽሪ፥ ዘይምፍላጥ ሓያል እዩ። በል'ዚ ሓወይ ኣዝየ እየ ዘመስግነካ። ከምዚ ከማይ ብግርህነት፡ ብፍቕርን ዘይምፍላጥን ተደሪኸን ሓዳር ብዘይመርዓ ዝገበራ ክህልዋ ስለዝኽእላ መምሃሪ ክኸውን እዚ ናተይ ጉዳይ ስመይን ኣድራሻይን ቀዩርካ ንዓይ ውሕስነት ብዝህብ መንገዲ ኣብታ ናይ ኩሉ ግዜ ሰንበት ዓምዲ ምኽሪ ሰበት ጋዜጣኹም ከም ዝሕተም ግበር። ካልእ ግን ደጊመ እየ ዘመስግነካ። ዝኾነ እንተሃልዩ ድማ በዚ መዓልትን ሰዓትን'ዚ ደዊለ ምሳኻ ክማኸር እየ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ለተኺዳን ስራህና ንዝተሸገሩ ምምኻር ስለዝኾነ ደውሊ ክንጽበየኪ ኢና። ብዝተረፈ ሰሰናዩ እምነየልኪ። ቻው ቻው።

# ስፖርት

## ንኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ መተባብዒ ሽልማት ተዋሂቡ



ተስፋልደት መብራህቱ

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሃገራውያን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም 2019 ኣብ ዘካየዳኦ ኣህጉራዊ ውድድራትን ዘመዝገብኦ ንትንሳኤ ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ዘበሰረ ወጽኢትን፡ ኣፍልጦን ክብርን ንምሃብ ንኣባላት እተን ሃገራውያን ጋንታታት ብሓሙስ 7 ሕዳር 2019 ካብ ህዝብን መንግስትን ዝተዋጽአ ናይ ልዕሊ 500ሽሕ ናቕፋ ገንዘባዊ መተባብዒ ሂቡ።

ኣብቲ ኣብ ቤ/ጽ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝተኻየደን ሳዕሰዎት ሓለፍቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራን ዝተረኽቡሉ ናይ ምትብባዕ መደብ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ኣብ መጻረዪ ውድድራት ንዋንጫ ዓለም 2022 ከምኡ'ውን ኣብ ውድድር መንእሰያት ትሕቲ 20 ዓመት ሃገራት ምብራቕን ማእከላይን ኣፍሪቃ (ሴካፋ) ዝተረኣየ ተኻፋልነትን ዝተመዝገበ ወጽኢትን ኣድማዒ ዓቕሚ ስፖርተኛታትና ዝተመስከረሉን ነቲ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ውድድራት ዝህልወና ሱታፌ ዝያዳ ፍናንን ሓይልን ዝሁብ ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ውድድራት ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ንዘርከቡ ኤርትራውያን ዘለዎን ብሓደ መንፈስ ሃገራውነት ዝቓጸየን ምዃኑ ዝሓበረ ኣምባሳደር ዘመደ፡ ነዚ ዓቕሚ ዝያዳ ንምምዝዋዙን ምጉልሑን ብዘለዓለ ከም ዝሰርሓሉ ገሊጹ።

ኣሰልጠንቲ፡ ተጻወትቲን ሓለፍቲ ኣካላት ስፖርትን ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ዝተገበረ መተባብዒ ዝያዳ ወጽኢት ንምምዝጋብ ከም ዝደርኽ ብምሕባር፡ ደረጃ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ንምሕያል ኣብ ዝቐድ ዕማም ጻዕርታቶም ከበርኹ ምዃኖም ከም ዝገለጹ ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

### መጸዋዕታ

ኩልኹም ደገፍቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሎሚ ሰንበት 10 ሕዳር ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቐትሪ ኣገዳሲ ኣኼባ ስለዘሎ ኣብ ክለብ ቀይሕ ባሕሪ ክትርከቡ ንዕድም።

*ኮሚተ ደገፍቲ ክለብ ቀይሕ ባሕሪ*

## ጋርዲዮላ ንሊቨርፑል ንምስዓር ክጥቀመሉ ዘለዎ ስልቲ








ሓንቲ ካብ ዓበይቲ ጋንታታት እንግሊዝ'ያ። ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ብበዝሒ ዋናጩ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ትወዳደር ጋንታ'ውን እያ። ዋላ'ኳ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ሕልፈ ዝኾነት እንግሊዛዊት ጋንታ ጸብለል እንተበለት፡ ግጥም ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ፕሪመር ሊግ ዝበል መጸውዒ ተዋሂብዎ ብሓድሽ ቅዲ ካብ ዝፍለም ግን ኣብ ቅድሚት ክትስራዕ ዓቕሚ ኮይኑዋ'ዩ ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ነዛ ትብህጋ ጸዋእ ንምዕታር ተቓሪባ'ኳ እንተነበረት ኣብ መወዳእታ ግን ንማንቸስተር ሲቲ የሕሊፋ ክትህባ'ያ ተገዲዳ። ሎሚ ዓመት ከኣ ናይ ነዊሕ ዓመታት ጸምኣ ንምርዋይ ኣብ ቅድሚት ሰሌዳ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ተቐሚጣ ትርከብ ኣላ። በይንኺ ኣይክትጎዓዝን ኢኺ (you will never walk alone) ዝመዝሙራ ናይ መርሰሳይድ ጋንታ ሊቨርፑል።

ሊቨርፑል ክሳብ ሕጂ ተኻዪዱ ብዘሎ 11 ጸወታታት 31 ነጥቢ ብምውህላል ኑታ ኣሰራ ትስዕብ ዘላ ማንቸስተር ሲቲ ናይ ሽዱሽተ ነጥቢ ጋፕ ኣጋጺፋትላ ዘላ። እዘን ክልተ ጋንታታት ሎሚ ሰንበት ንሓድሕደን ኣብ ሜዳ ሊቨርፑል ኣንፊልድ ኣብ ዘካይድኦ ጸወታ ከኣ ውድድር ፕሪመር ሊግ ሓደ ኣንፈት ክሕዝ ከም ዝኽእል ገለ ገለ ተንተንቲ ናይዚ ግጥም ይሕብሩ። ሲቲ ኣብዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ንሊቨርፑል ኣብ ሜዳኣ ከይዳ ምስ ትስዕራ መቐረት እዚ ውድድር ከም ዝልዕል ብርክት ዝበሉ ፈላጣት ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ይሰማምዑ። ምኽንያቱ ሊቨርፑል ኣብዚ ጸወታ እንተደኣ ተዓዊታ ኣብ መንጎአን ዘሎ ፍልልይ ናብ ትሽዓተ ነጥቢ ስለ ዝዓርግ።

ሊቨርፑል ክሳብ ሕጂ ኣብ 11 ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ከይተሳዕረት ተቐጺላ'ኳ እንተዛለወት፡ ኣቃውማኣ ግን ኣይከም ነጥባ ዝበሉ ወሰት ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣሰልጣኒ ሲቲ ስጳኛዊ ፐፐ ጋርዲዮላ ንሊቨርፑል ንምስዓር ክጥቀመሉ ዘለዎ ስልቲ ናይ ጸወታ 3-5-2 ክኸውን ከም ዘለዎ ብዙሓት ንፕሪመር ሊግ ዝከታተሉ ተንተንቲ ይገልጹ'የም። ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርመናዊ ጀርገን ክሎፕ ስልቲ ጸወታ 3-5-2 ምስ ዝኽተላ ጋንታታት ከጸገም ተራእዩ'ዩ። ሊቨርፑል ኣብ ግጥም ፕሪመር ሊግ እዚ ስልቲ ምስ ዝኽተላ ማንቸስተር ዩናይትድን ሸፊልድ ዩናይትድን ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ከኣ ዝሓለፈ ሰለስ እዚ ስልቲ ሒዛ ምስ ዝቐረበት ጀንክ ጸወታ ካብ ቁጽጽራ ወጺኢ ክኸና ከም ዝተራእየ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ። በዚ ኸኣ ጋርዲዮላ ኣብዚ ናይ ሎሚ ርክብ እዘን ጋንታታት ዝ. ብምስባሃል ነቲ ዝጥቀመሉ ስልቲ ጸወታ ካብ 4-3-3 ናይ 3-5-2 እንተቐየረ ዘርግም ከም ዘይኮነ ይግለጽ።

ነዛ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ኢትሓድ ስታድየም ብሲቲ 2-ብ1 ድሕሪ ምስዓራ ክሳብ ሕጂ ናይ ፕሪመር ሊግ ስዕረት ዘይቀመሰት ዘላን ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ዓወት ናይ ምጭባጥ ልምዲ ሒዛ ዘላን ሊቨርፑል ክትስዓራ ቀሊል'ኳ እንተዘይኮነ፡ ጋርዲዮላ ግን ዝ. ስልቲ ተጠቒሙ ካልኦት ጋንታታት ዘየመዝገብኦ ዓወት ክወስድ ከም ዝኽእል ይንገር። ምኽንያቱ ተጻወትቲ ሲቲ ኩዕሶ ኣብ እግሮም ሒዞም ጸወታ ኣብ ዘቐልጥፍሉን ኣብ ልዕሊ ሊቨርፑል ዕድላት ኣብ ዝረኽብሉን ካብ ካልኦት ጋንታታት ዝበለጸ ዓቕሚ ስለ ዘውንኡ። በዚ ኸኣ ጋርዲዮላ ኣብ ድሕሪት ሰለስተ ተኸላኸልቲ ኮፍ ኣቢሉ ከይፈረሀ ምስ ዝጻወት ገዕዞ ዘይተሰዓረት ሊቨርፑል ደው ክብሎ ከም ዝኽእል ይእመን።

ሊቨርፑል ኣብ ዝሓለፈ ናይ 27 ጥቅምቲ ግጥማ ኣንጻር ኣስቶንቪላ ንዓብያኖ ብቐጻ ካርድ ወሲዱ ኣብዚ ዓቢ ግጥም ከይትኸስሮ ብምግላጽ ከተዕርፎ ከሉ፡ ንጆኤል ማቲፕን ደጃን ሎቭረንን ከኣ ኣብ ድሕሪት ምስ ቫን ዳይክ ከም ዝተሓጋገዙ'ያ ጌሩ።

ኣንጻር እዛ ስልቲ ጸወታ 4-3-3 ትኽተል ሊቨርፑል ስልቲ ጸወታ 3-5-2 ምስ ትጥቀም ክልተ ናይ ቅድሚት ኣጥቃዕትኻ ብዙጋም ኣብ መንጎ ቫን ዳይክን ኣንዲ ሮበርትሰንን ብየማን ከኣ ኣብ መንጎ ቫን ዳይክን ኣሌክሳንደር ኣርኖልድን ብዘሎ ማስመር ንቕድሚት ክኸዱ ከም ዝሕግዞም'የም ተንተንቲ ግጥማት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝሕብሩ። በዚ ኸኣ ናይ ድሕሪት ተኸላኸልቲ ሊቨርፑል ካብ ቦታኦም ኣርሒቖም ከይከዱ ብምስጋእ ንቕድሚት ካብ ምኻድ ክሰንቀጹ ከለዉ ናይ ክንፊ ተጻወትቲ ኣንጻር መጋጠምቲ ኸኣ ኩዕሶ ዝቕበሉሉ እኹል ዝኾነ ነጻ ቦታ ክረኽቡ ከም ዝኽእሉ ይእመን።

ዝሓለፈ ዓመት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ዝዓተረት ሲቲ ዝበዝሐ ግዜ ትጥቀመሉ ዘላ ስልቲ ጸወታ 4-3-3 እዩ። እዛ ጋንታ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ልዕሊ ሳውዝሃምተን 2-ብ1 ናይ ፕሪመር ሊግ ዓወት ኣብ ዘመዝገበትሉ'ውን እዚ ዓይነት ስልቲ ጸወታ'ያ ተጠቒማ ኔራ። ይኹን'ምበር ጋርዲዮላ ብ22 ጥቅምቲ ኣብ ኢትሓድ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ንኢጣሊያዊት ኣታላንታ 5-ብ1 ኣብ ዝሰዓረሉ ግን ንፈርናንዲንያ ኣብ መንጎ ሽንጓሚን መንዲን ካይል ዎከርን ብምቕማጥ ስልቲ ጸወታ 3-2-4-1 ክጻወት መሪጹ ኔሩ። ሮድሪን ጎንዶጋንን ከኣ ኣብ ቅድሚኦም ተኸላኸልቲ ንድጋፍ ኣቐሚጥዎም ኔሩ። መንዲን ዎከርን ንቕድሚት ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ ሓደገኛታት ምዃኖም ከኣ ንማስመር መጥቃዕቲ ሲቲ ደፋኢቲ'ዮም ኔሮም።

ይኹን'ምበር ሲቲ እዚ ስልቲ ጸወታ ማለት ኣብ ድሕሪት ብሰለስተ ተኸላኸልቲ ክትጻወት እንተደኣ ኮይና ናይ ምጥቃዕ ሓይላ ከተሐይል ክትብል ናይ ምክልኻል ዓቕማ ማለሱ ከይፈርስ ክትጥንቀቕ ከም ዘለዋ እዝም ዝ. ስልቲ ዝድግፉ ወገናት ይመኽሩ። ምኽንያቱ ዝ. ስልቲ ኣንጻር ኣታላንታ ኣብ ዝተጠቐመትሉ ግዜ ማስመር ምክልኻላ ዘፆጉብ ስለ ዘይነበረ።

ኣሰልጣኒ ሲቲ ፐፐ ጋርዲዮላ፡ መጋጥምቱ ንስልቲ ጸወታኡ ከፍሽሉ ንዘኽተልዎ ፍልስፍና ናይ ጸወታ ከም ዘይግደሱሉ ዝገልጸ'ኳ እንተኾነ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ግን ንስልቲ ጀርገን ክሎፕ ንምፍሻል ረሒም ስተርሊንግን በርናንዶ ሲልቫን ኣጸቢቦም ከም ዝጻወቱ ብምግባር ኣብ ማስመር ምክፍፋል ብልጫ ንዝነበራ ሊቨርፑል ብዙጸሪ ተጻወትቲ ከዕብልላን እቲ ጸወታ ከም ዝመውትን ጌሩ'ዩ። እቲ ናይ ሽዑ ጸወታ ኸኣ ብዘይ ሹቶ ከም ዝተወደአ ኣይርሳዕን።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ሰንበት ጸወታ ግን እዝም በላሕቲ ኣሰልጠንቲ ምኻኖም ዝእመኑሉም ኣሰልጠንቲ ኣብ ውሽጢ 90 ደቓይቕ ሽዱሽተ ግዜ ስልቲ ጸወታ ክቕያይሩ ከም ዝኽእሉ ይግለጽ። ሊቨርፑል ኣብዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ኣብ ሜዳኣ ትገጥም ምህላዋ ረብሓ ከም ዘለዋ ይእመን። እዛ ጋንታ ኣብ ግጥም ፕሪመር ሊግ ኣብ ሜዳኣ ኣብ ሚያዝያ 2017 ምስ ተሳዕረት ክሳብ ሕጂ ን45 ጸወታታት ኣይተደፍረትን ዘላ። ብዘይካዚ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግውን ኣብ ጥቅምቲ 2014 ብሪያል ማድሪድ ምስ ተሳዕረት ክሳብ ሕጂ ስዕረት ዝበሃል ኣይቀመሰትን ዘላ።

እዛ ጋንታ ኣብ ሜዳኣ ኣብ ትገጥመሉ ዘለዎ ሞራል ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ባርሰሎና ዘመዝገቦ ዓወት ህያው ምስክር'ዩ። ደገፍቲ ሊቨርፑል ኣብ ገዛእ ሜዳኦም ዋላ'ውን ተጻወትቶም ኣብ ዝጋደሉ ከተባብዕዎምበር ክድህልዎም ዘይፍትትሉ ምኽንያትም ካብ ብልጫኦም ምኽኑ'ዩ ዝግለጽ።

ዝሓለፈ ቀዳም እዘን ክልተ ጋንታታት ነጥቢ ኣጥፊኦን እናተባህላ'የን ኣብ መወዳእታ ደቓይቕ ብዘረኸበኦን ሹቶታታት ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክወስዳ ክኢለን። እዘን ክልተ ጋንታታት ብፍላይ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዘን ፈጠረኦ ብዘለዋ ምትህልላኽን ኣብዚ እዋን ኣብ መንጎአን ብዘሎ ጋፕን ንሓድሕደን ኣብ ዝራኸባሉ፡ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ክጥፈኣ ማለት ከቢድ ምኻኑ ኩሉ ዝሰማምዓሉ ጉዳይ'ዩ።

ካብቲ ኣብ 1990ታት ማንቸስተር ዩናይትድ ኣንጻር ኒውካስልን ኣርሰናልን ትፋጠጠሉ ዝነበረት ግዜ ክሳብ'ቲ ሞሪኖ መጺኡ ንቦታ ዘይተጸዓደት ኣርሰናል ዝወሰዶ ግዜ፡ እዘን ክልተ ጋንታታት ንኣሸቱ ተቐናቐንቲ ጋንታታት ከም ዝነበራ ኣይርሳዕን። እንተ ሕጂ ግን ዓበይቲ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ኮይነን ብምህላወን እዚ ናይ ሎሚ ጸወታ ብሀንቀውታ ክትጽበዮ ዘገድድ ኮይኑ'ሎ።

### መደብ ጸወታ ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ ኢንግሊዝ**

ማን ዩናይትድ ምስ ብራይተን
ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ
ዎልቭስ ምስ ኣስቶንቪላ
ሰዓት 5፡00 ድ.ቀ
ሊቨርፑል ምስ ማንቸስተር ሲቲ
ሰዓት 7፡30 ምሸት

**ሰሪ'ኣ**

ጁቬንቱስ ምስ ኤሲ ሚላን
ሰዓት 10፡45 ምሸት

# ምስ ተጋዳሊት ኣስመረት ኣብርሃ (ጓንዴ)

## ቃለ - መሕተት

ኣማረሽ ጸጋይ

ካልኣይ ክፋል

ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብዚ እዋንዚ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ቱሪዝም ኮይና ትዓዪ ዘላ እያ። ብዛዕባ ገድላዊ ህይወታን ንጥፈታት ቱሪዝም ኣብቲ ዞባን - ምስኣ ናይ ዘበርናዮ ቃለመጠይቕ ቀዳማይ ክፋል - ኣብ ናይ 27/10/19 ሕታምና ኣቕሪብናዮ ነይርና። ሎሚ ድማ ካልኣይ ክፋሉ፦



***ገዛዥ ገድልኺ ኣብ ከበሳ ጥራይ ደዩ ነይሩ?***

- ኣይኮነን፡ ኣብ 1976 ናቕፋ ንምሓዝ መደብ ምስ ወጸ፡ ቦጦሎኒና ካብ ከበሳ ናብ ሳሕል እያ ከይዳ። ብዙሓ ገለ ቦታታት ድማ እዚ ኩሉ ጎላጉልን ጎቦታትን ሳሕል፡ ኣእጋርና ኣብ ሕዳ እናተሸኸሉ፡ በቲ ህሮሩማ ጸሓይ ጥምየትን ጽምእን ኣሎ. . .ብእግሪ ጸብራ ኣቲና። ናቕፋ ንምሓዝ ብዙሕ ፈተነታት እዩ ተኻዩዱ።

መብዝሕትኣን ኣብ ሳሕል ዝነበራ ኣሃዱታት፡ ናይ ለይቲ ኩናት እየን ዘካይዳ ነይረን። ኣሃዱና ግን ናይ ቀትሪ ኩናት ስሚድዎ እዩ። ናቕፋ ንምሓዝ ለይትን ቀትርን ኩናት ክሀሉ ስለዘለዎ ድማ፡ ኣሃዱና ምኩርቲ ናይ ቀትሪ ኩናት ተባሂሉ ካብ ከበሳ ንሳሕል ከይዱ።

ዋላ ኣብ ከበሳ - ቦጦሎኒ በርህ ጻዕዳ በዚ ሓሊፉ እንትደኣ ተባሂሉ፡ ጸላኢ በደብድ እዩ ዝኣትዎ ዝነበረ፡ ተዓዊትና ከኣ፡ ናቕፋ ተቘጻጺርናዮ። ብሉጻት ከፊልና ኢና - ከም ብዓል በርህ ጻዕዱ፡ ከም ምረት ናይ'ቲ ኩናት ግን ብዙሕ ማስዋእቲ ኣይከበርናን።

ዝኸዓበ ጉዕዞና ኣፍዓብት ንምሓዝየ ነይሩ። ይዝከረኒ ዓሊ ሰይድ እዩ - ብዛዕባ እቲ ክካየድ ተመዲቡ ዝነበረ መጥቃዕቲ መግለጺ ሂቡና። ሸዑ ኩናት ክብሃል ከሎ፡ ከም ወራዶ መርዓ ብዕልልታን ጨፈራን ብሓጎስ ኢና ንቕበሎ። ንኣፍዓብት እውን ተዓዊትናዮ፡ እዚ፡ ኣብ ከበሳ ጥራይ ኣይተጸከሩን ተጋዲለ ንምባል ዘምጽኦ ዘለኹ እዩ።

ከይጠቕሰኩዎ ክሰግር ዘይደለ፡ ኣብ ዝኾነ እንወስዶ መጥቃዕቲ፡ እሞ ድማ ንበረት እንተደኣ ተሰሊቡ፡ ዝኾነ ንበረት ንውልቅኻ እውን ዘድልየካ ርኸቡ፡ ብኢዱ-ዋኒንካ ኣይወሰድን እዩ ዝነበረ። ዋላ ስድራኻ ክጽሕኡኻ መጺኦም፡ ዝኾነ ንበረት እንተ ደኣ ጉዳፎምልካ ከተረክቦ እዩ ዘሎ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ኣብ ሕጂ ኮይነ ክሓስቦ ከለኹ ኣገዩ እዩ ዝገርመኒ።

እቲ ውድብ ከመይ ዝበለ ረቂቕ ፍልስፍና እዩ ነይሩዎ ዘርእየ እዩ። በቲ ዝተሓተ ደረጃኡ፡ እቲ ውልቃውነት ዝበሃል ንኸይሰስን፡ ምዕሩይ ዝኾነ ኣካይዳ መታን ክሀሉ ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፡ ተጋዳላይ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ኣብ ሓደ መኣዲ ዓሰሉ ንሓንቲ ናጽነት ተቓለሱ ተዓዊቱ።

ቅርጺ ኣወዳድባ ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ብርጌድ ገጹ ምስ ማዕበለ ከኣ፡ ብብርገድ መልክዕ ንክበስ ደዩብና። ዝነበርኩዎ ብርጌድ 51 ንሰራዩ ኣብሉ፡ ቦጦሎኒና ድማ ኣብ ገሰገስ ተዋፈረ።

***እንታይ ዓይነት ገሰገስ?***

ዕላማታት ህዝባዊ ሓይልታት ንህዝቢ ኣረድኡ፡ ነንቅሕ፡ ንውድብ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ህዝቢ ንጅብሃ ጸለኣዎ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ጀብሃ ንህዝቢ ብዘይ ድልየቱ ትእዝዞት ተብሃሉ፡ ኣብ ኣመጋግባኡም ከይተረፈ እዚ'ባ እቲ እናበሉ እዩም ዝኣዝዙ። ንሕና ግን ህዝቢ ዝሃበና በሊዕና ኢና ንኸይድ ዝነበርና። ንቑጽ ቅጫ በሊዕና ንኸይደሉ እዋናት እውን ነይሩ እዩ። ህዝቢ ከኣ ተቐቢሉና።

ደቀምሓረ ክትውቃዕ መጺናዕቲ ምስ ተወደአ፡ ንደቀምሓረ ኢና ናብ መጥቃዕቲ ከይድና። ንሕና ከኣ ብመገዲ ኣስመራ ኣቲና። ደቀምሓረ ተቘጻጺርና ንሰከይቲ ቀጺልና። ንሰከይቲ እናንሰሽና ጸላኢ ዘለዎ ሓይሊ ኣኻኺቡ ንደቀምሓረ ከምልሱ፡ ካብ ኣስመራ ይወፍር። ገለ ብጾትና ኣብ ዓዲ ሓወሻ ቀዋሚ ድፋዕ ብምግባር፡ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመጽእ ዝነበረ ሓይሊ ጸላኢ ይከላኸሉዎ።

ንሕና ከኣ፡ ንሰከይቲ ተቘጻጺርናያ። ንፎርቶ ሰከይቲ ክንድይብ ከለና፡ እቲ ከባቢ ብፈንጂ ዝተኸበ እዩ። ኣዝዩ ብዙሕ ፈንጅታት እዩ ጸሪሑና። ብፈንጂ ተሃሪሞም ዝተሰውኡ ብጾት ነይሮምና። ቀጺልና ነቲ ኣብ ድሞክ ዝነበረ መደበር ቴሌፎን፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ድሕሪ ምእታው፡ ንዓዲ-ቐይሕ ኢና ኣምሪሕና። ዓዲ-ቐይሕ ንምሓዝ ብዙሕ ፈተነታት ኢና ኣካይድና።

ዕረፍቲ ዘይህብ ኩናትን ምንቅስቓሳትን እዩ ነይሩ። ብሰሓርቲ ጸሒሕና ንዓዲ-ቐይሕ፡ ዓዲ-ቐይሕ ጸሒሕና ንሰሓርቲ። ክንሕዝዎ ግን ኣይከኣልናን።

***እንታይ ተረኺቡ . . . ምኽንያት ዘይመጻወቲኹም እንታይ እዩ?***

ኣብቲ ፈለማ ንዓዲ-ቐይሕ ንምጥቃዕ ዝተገብረ መጽናዕቲ ነይሩ። ኣዝን ዓብዱ ስዩምን ካብ ቦጦሎኒና፡ ተሰፋኣለም ምስ ካልኦት ድማ ካብ እንዳ ክልተ ኮይኖም፡ በየናይ ወገን ከም እንኣቱ ንኸሉ ኑቲ በረኸቲ ቦታታት ናይ ቀሓይቶ ኣጽኒዖምዎ። ብመጽናዕትና መሰረት፡ እቲ ተበጊሶ ክካየድ ድማ መደብ ተገይሩ።

ቅድሚ ዓዲ-ቐይሕ ምብጻሕና፡ (ብርጌድ 58 ሓንቲ ቦጦሎኒ እያ ነይራ ሻቡ) - እዛ ቦጦሎኒ ናብ ብርጌድ ክትዓቢ ተባሂሉ ሳሕል ትወርድ። ካብ ሳሕል እያ ብርጌድ ኮይና መጺኣትና።

እዛ ብርጌድ ምስ መጸኣት፡ እቲ መጽናዕቲ ዘካየድናሉ መደብ ይቕየር። ንሕና በቲ ጉላጉል ናይ ዓዲ-ቐይሕ፡ ብርጌድ 58 ድማ በቲ ዘጽናዕናዮ ናይ ቀሓይቶ ክትኣቱ ይብሃል። ብርጌድ 58 ካብ ዓዲ ምቕሓ እያ ትመጽእ ዘላ፡ ዳርጋ ኩሉ ሰራዊት ነቲ ቁሪ ዓዲ-ቐይሕ ምጽዋር ስኢኑዎ ሕማም ንሕማም ኮይኑ፡ ናይ ጥዕና ጸገም ኣጋጢሙ ማለት'ዩ።

ከም ካልኣይ ድማ ነቲ ንሕና ዘጽናዕናዮ ቦታታት ብርጌድ 58፡ ነቲ ጉላጉል ድማ ንሕና እተየም ዘይፈለጥናዮ ኣቲና። በቲ ጉላጉል ደፊእና ምስ ከድና፡ ማእለያ ዘይብሉ ሰራዊት፡ ምስ ብዙሓ መዳፍዓት፡ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ኮይኑ ዝ. ተተኳሲ ኣብዛ ርእስና እዩ ኣዘዘቡዎ። ምስኡ ብዙሕና ዓቕሚ ምጥምጣም ኮይኑ። ከበድ ምርብራብ ተገይሩ። ጸላኢ ይደፍኣና፡ ኣማራጺ ኣይነበረናን ኣዝሊቕና። ኣዝዩ ሪዚን ዋጋ ብዙሓት ጀጋኑ ከፊልና። ዓብዱ ስዩምን መራሒ ብርጌድና ዝነበረ ወዲ ሽቃን ሸዑ እዮም ተሰዊኦም። ኣነ ኣደይ ተሃሪመ።

ብድሕሪዚ፡ ኣብቲ ከባቢ ቀዋሚ ድፋዕ ገይርና። ከምዚ ኢልና እንከለና፡ ምትሕብታኹ ናይ ጀብሃ ከኣ ኣሎ። ምሉእብርሃንን ስዩምን ኢማም (ወዲ ኢማም)ን ንኣኼባ ኢሎም ንደቀምሓረ ምስ ከዱ፡ ኣብ ማይ ዓይኒ ኣብ ዝበለ ኩናት ምስ ጀብሃ ይኸፈት። ምሉእብርሃንን ወዲ ኢማምን "ብዙቐልጠፈ ግዜ ኑየም ኣብ ደቀምሓረ ዘለዉ ክፍልታት ጠርኒፍኩም ንግዚ ዓዲ ኣርክቡ" ተባሂሎም። ኣብቲ ኩናት ተሳቲፎም ከይተመልሱና ኣብኡ ተረፎም ተሰዊኦም።

ወዲ ኢማም ካብ ኣቦ ንላዕሊ ዝሕረ ኣላዪ እዩ ነይሩ። ኣነ ኣብ ሂወተይ ፈጺመ ዘይርስዖ ሰብ'ዩ፡ ንወደይ ብስም ወዲ ኢማም ሰሚኣንየ ኣለዮ። ወዲ ኢማም መቸም. . . (ንብዓት ወረር. . .!!)

***ኣብ ከባቢ ዓዲ-ቐይሕ ድፋዕ ምስ ሓዝኩም ብኡኡ ዲኹም ወጺእኩም?***

ንሰሓርቲ እምበር ከይድና። ኣብ በዓል ዓዲ-ቀ፡ ዓዲ-ሓወሻ. . . ደፋዓት እናሰራሕና ለይትን ቀትርን ንታኸስ። ብሓቂ - ገለኡ ካይዶ ዝነበርና ኩናት፡ ልክዕ ከምዚ ናይ ቀዳማይ ካልኣይ ኩናት ዓለም እዩ ዝመስል።

ሰብ ከም ዝቐተልካ ድሕሪኡ ኩናት ኢኻ ትርእዮ። መሬት ብትኪን ደሮናን መርኣዩ ኣይነበራን። ስጊድግድ ዘበል ሽታ ባሩድ ተደሚሩዎ - እንታይ እሞ ክብለኪ እየ. . .።

እቲ ኩሉ ሸሾ ሰራዊት በቲ ውሑድ ዓቕምና ክደፍኦ ኢልካ ዘይሕሰብ ይመስል፡ ድልየትን ተበግሶን ስለዝነበረ ግን ኣስመራ እውን ክንቆጻጸራ ንኽእል ነይርና። ኮይኑ ግን ደርግ ብሓገዝ ናይ ሶቬት ሕብረት ክሰብ ዓንቀሩ ኣጸዋር ዓጢቑ ስለዝነበረ፡ ብኡና ወገን ብዝተጉብረ መጽናዕቲ ከኣ፡ እዋኑ ስለዘይኣኸለ ከዝልቕ ተገዲድና። ምዝላቕና ባህ ኣይበለናን፡ እዚ ኩሉ ተጋዳላይ እምቢ ኢሉ ኣብዩ እዩ ዝነበረ።

ድሓር ግን ብዛዕባ ረብሓታት ምዝላቕ ዕሙቕ ዝበለ ገምጋም ተዋሂቡና። ትርጉም ምዝላቕ ተረዲኡና። ሞራልና ከይተናኸፈ ድማ፡ እናሱሓቕናን እናተጫረቕናን ምዝላቕና ተተሓሒዝናዮ።

***ኣብ ኩሉ'ዚ ዝጥቀስ ዘሎ ኩናት፡ ከም ተራ ዲኺ ወይስ ሓላፊት. . .?***

ምስ ወዲ-ኣያይ (ወዲያይ) ዝብሃል ብጻይና፡ ካድር ተማሂርና ምስ ተመለስና፡ መራሕቲ ጋንታታት ክንከውን ኢኹም ተባሂልና። ኣነ ፈጺመ ኣይተቐበልክዎን፡ በቲ ንዓይ ዝርድኣኒ፡ ሓጺር ተመኩሮ ናይ ገድሊ እዩ ዘለኒ ሻቡ። ኣብ 75 ዓም ተሰሊፈስ ኣብ 77 ዓም ሓላፍነት ክወሃበኒ. . .? እቶም ቀድመይ ዝተሰለፉኸ እንታይ ይሰምዖም. . . ብዝብል ኣይተዋሕጠለይን።

ከም ካልኣይ፡ ዳርጋ ኩሎም መጋድልትና ኮማንዳስ ፖሊስ ዝነበሩ ኮይኖም፡ እኹል ወተሃደራዊ ብቕዓት ዝነበሮም፡ ጉልበታት፡ ብዓል ክምርሒ ዘይውሓጠሎም፡ ጓል ሓላፊቶም ክትከውን ሰንፍና ኮይኑ ዝስምዖም. . . እዩም ነይሮም፡ ዘይልሙድ ተርእዮ ስለዝኾነ፡ ኣነ እውን ይጸበዮ እየ ከምኡ ክብሃል። ስለ'ዚ እምበኣር ቀልጢፈ ኣይተቐበልክዎን።

መራሒ ቦጦሎኒና ዝነበረ ወዲ ኢማም፡ "እዚ እኮ ደርሆ ሓሪድካ ወይ ካልእ ገደርካ ዝተኸእለ ኣይኮነን፡ ኣብ መስርሕ ዝልመድ ነገር እዩ፡ ንሸኻትኩም ከኣ፡ ከም ኩሉ ሓላፊ ተጋዳላይ ምስ ግዜ ክትለምድዎ ኢኹም ኣጅኹም" ይብለና። ማዕዳን ምኽርን ምስ በዝሐ ሕራይ ኢልና ተቐቢልናዮ። ኣብ ኩናት ሰሓርትን ዓዲ-ቐይሕን ድማ ንፈለማ እዋን ከም ሓላፊት ጋንታ ኮይነ ሰሪሐ።



ሸዓኡ ዝተዓዘበዎ ብጾተይ ከምኒ መሓሪ ሽቃ፡ ዓሊ ኢብርሂም፡ ዓብደላ ሺሃደ. . . ነቲ ዝገጥመኒ ዝነበረ ብደሆታት ክሰግሮ ኣኽኢሎምኒ እዮም'ሞ ክብርን ሞጎስን ንዓኦም ይኹን። ኣብ ጉዕዞ ገድለይ ካብ ታዕሊም ክሳብ እንዳ ሰለስተ ከም ሓላፊ ዘይትካ ከም ዓቢ ሓወይ ናይ መትከል ብጻየይ ብልቢ ከማትየኖ ዝደሊ ከኣ፡ ወዲ ኤፍሬም ጀነራል ስቡሓት እዩ።

እቲ ተጋዳላይ ካብቲ ሕብረተሰብ እዩ ወጺኡ። እቲ ሕብረተሰብና ድማ ኣብ ርእሲ ጓል-ኣንስተይቲ ዝነበሮ ኣጠማምታ ከምቲ ኩልና እንፈልጦ እዩ። እዚ ኣዝዩ ቡዳዊ ዝኾነ ትሑት ኣጠማምታ ኣብ ርእሲ ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣብ ገድሊ እውን ኣብ ሓደ-ሓደ ብጾትና ቡጨቕ ይብል ነይሩ እዩ። ጓል ክትመርሓና! ኢሎም ብዙሕ ተቓወሞታት ዝገበሩ ነይሮም እዮም። እዚ ኩሉ እየም እምበኣር - እዞም ዝበልኩኽን ካልኦትን በሉሕትን ንቑሓትን ብጾት ኣሰተኻኺሎምዎ።

***ይቕጽል . . .***



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 10/11/2019 | ጎደና 176-3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚኒስትሪ ትምህርቲ | 122035 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 10/11/2019 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 10/11/2019 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማርያም፡ ጥቓ ባር ትረስቴለ | |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565